
# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 28 ዓመት ቁ.63 | ሰሉስ 13 ሕዳር 2018 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ





ገጽ 4
ታቤላታት ኣተኩሮ እንተ ...




ገጽ 5

ቀባር ድንሽ

ገጽ 6
ጸቕጢ


ገጽ 8
ደራሲ ክትከውን . . .


ገጽ 9
ኣትለት ናዝሬት ወልዱ...



# ቅነ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ብወግዒ ተበጊሱ





ብምትሕብባር ሚኒስትሪታት ጥዕናን ሕርሻን፡ "ጽባሕ ብዘይ ኣማራጺ ንኸይንተርፍ፡ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ብግቡእ ንጠቐመሎም" ብዝብል ቴማ - ኣብ መላእ ሃገር ዝኻየድ ኣህጉራዊ ቅነ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ፡ ትማሊ ብወግዒ ተበጊሱ።

ኣብ'ዚ ካብ 12 ክሳብ 18 ሕዳር ዝካየድ ቅነ፡ ኣብ ምዕባይ ንቕሓት ንውሑስ ተጠቃምነት መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ዘተኮረ ጽዑቕ ጐስጓሳት፡ ኣብ ትካላት ጥዕና፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ብመገዲ መራኸቢ ብዙሓንን ማሕበር ፋርማሲ ኤርትራን ክካየድ'ዩ።

ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን፡ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ኣገደስቲ ባእታታት ዘመናዊ ፍወሳ ከምዝኾኑ ጠቒሳ፡ ነዚም መድሃኒታት በቲ ግቡእ ኣገባብን ዓቐንን ዘይምጥቃም፡ ንፈዋስነቶም ኣብ ሓደጋ ኣእትዩ ከምዘሎ፡ ሳዕቤናቱ ድማ ኣዝዩ ሓደገኛ ከምዝኾነ ገሊጻ።

"ሰግኣት ተጻውሮ ጸረ-ነፍሳት፡ ቀጻሊ ይድውል ኣሎ" ዝበለ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ብግደኡ፡ ኣብ ጽላት ጥዕና ዝግደሱ ኣካላት ዓለምና፡ "ውሁድ ስራሕ ኣብ ምውሓስ ጥዕና" ብዝብል ተበግሶ ነዚ ብድሆ'ዚ ንምግጣም ይሰርሑ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ወዲ ሰብ፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ዝጥዕሱ ሞያውያን ዝካይድዎ ዘለዉ ጻዕሪ ምድራኽን ሓጋዚ ባይታ ምጥጣሕን ግድነታዊ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ወኪል ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኤርትራ ዶክተር ጆዘፊን ናምባዙ፡ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ጥቕሚ-ኣልቦ ምስ ዝኾኑ - ውሕስነት ጥዕና ዓለምና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ክስተት ከምዝሰዕብ፡ ነዚ ሰግኣት'ዚ ንምብዳህ እምበኣር፡ ኣገዳስነት ውሁድ ጻዕሪ ዝለዓለ ግምት ከምዝወሃቦ ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ሞያውያን ጥዕና ሰብ፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ዝተሳተፍዎ፡ ንሰግኣት ተጻውሮ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያን ናህሩ ንምንካይ ክካየድ ዘለዎ ውሁድ ጻዕርን ቅልጡፍ ምልውዋጥ ሓበሬታን፡ ከምኡ'ውን ንተጻውሮ ጸረ-ባክተርያ መድሃኒታት ዘቃልዑ ተርእዮታት ዝምልከት ሓባራዊ ዘተ ተኻዪዱ።

# ዓንሰባ - ኣብ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ኣፍልጦ ዘዕቢ፡ ኣብ ምእንጋድ ዓማዊል ክግበር ኣብ ዝግብኦ ንጥፈታትን - ዘተኩረ - ካብ መላእ ዞባ ዓንሰባ ንዝመጽኡ ኣባላት ክፍሊ ቱሪዝምን ሓለፍቲ ወሃብቲ ኣገልግሎትን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ብ7 ሕዳር ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተወደበ ኣስተምህሮ፡ ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ሳልም ዓሊ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ምስ ኣባላት ክፍሊ ቱሪዝም ተወሃሂደም ብምስራሕ፡ ተረባሕቲ ጸጋታት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣስተምህሮ፡ ብዛዕባ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ዞባ፡ ኣብ መስርሕ ዘጋጥሙ ጸገማትን ንምፍትሖም ክግበር ዝግብኦ ንጥፈታትን፡ ብክኢላታት መብርሂ ተዋሂቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ንዝጥዕሱ ወሃብቲ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎታትን ሰራሕተኛታተንን፡ ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ድማ ብፍላይ ዘተኩረ ጐስጓስ ተኻዪዱ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ምክልኻል ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ፡ ኣቶ ኣሰፋው ጉብረሚካኤል፡ ኣፍልጦ መንእሰያት ኣብ'ቲ ሕማም ክብ ምባልን ንሓድሕዶም ዝተዛተዩሉ ባይታ ምጥጣሕን ሓጋዚ ሜላ ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ደቡብ ወይዘሮ ኣስመረት ኣብርሃ ብወገና፡ ኣብርክቶ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ ምክልኻልን ምግታእን ተመሓላለፍቲ ሕማማት፡ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ኣተሓሳሲባ።



# ሚኒስተር ልኡል ንኣባላት 32 ዙርያ ሃ/ኣገልግሎት ሰሚናር ኣካዪዳ

ማሕበራዊ ድሕነት ዜጋታት ንምርግጋጽን ናይ ሸቐልት ዕድል ዜፈጥር ባይታ ንምጥጣሕን፡ ባህልን ክብርታትን ብዝግባእ ክውረሱን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሰጋገሩን ከምዝግባእ፡ ሚኒስተር ሰራሕን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኡል ጉብረኣብ ኣገንዚባ።

ብ10 ሕዳር ንኣባላት መበል 32 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝገበረቶ ሰሚናር፡ ሚኒስተር ልኡል፡ ድሕረ-ባይታን ኣመሰራርሓን ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት፡ ግደ ሰራሕተኛታት ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ዕዮ ከም ኣምር ምሕደራኡ፡ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ድሕነትን ተልእኾኡን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ሰፊሕን ተሪር ኹጠቀሰን መግለጺ ሂባ።

ዕዮ፡ ደቂ ሰብ ነብራውን መነባብሮን ድሌታቶም ንምርዋይ ዝገብሩዎ ጻዕሪ ምዃኑ - እዚ ድማ፡ ምፍራይ ኣቕሑትን ምሃብ ኣገልግሎትን ከምዘጠቓልል፡ እቲ ዓያዩ ጉልበት ብሞያን ትምህርትን ዝሰኮመ፡ ፍልጠቱን ክእለቱን ኣብ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ክብ ዝበለን ንቕሓቱ ዝበረኸን ምስ ዝኸውን ከኣ፡ ቁጠባዊ ኣፍራይነቱ ልዑል ምዃኑ ኣረዲኣ።

ንማሕበራዊ ድሕነት ኣብ ሃገርና ብዝምልከት፡ ዝተሃስየ ክፋል ሕብረተሰብ ንሓዋሩ ርእሱ ዝኽእለሉ፡ ንድሌታቱን ቀዳምነታቱን ኣብ ግምት ዘእቱ፡ ሰብኣዊ ክብሪ ዘይትንክፍ ንጡፍ ማሕበራዊ ሂወት ዘጣጥሕ ክኸውን፡ ተጻዋርነትን ናይ ስራሕ ተበግሶን ዘልምስ ክኸውን ድማ - ልዑል ጥንቃቐን ውሕሉል ኣተሓሕዛን ክህልዎ ብዕቱብ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ኣብሪሃ።

ብኻልእ ወገን፡ እቲ ኣብ ሳዋ ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ዝወሃብ ተወሳኺ ትምህርቲ፡ ኣብ ምሕያል ብቕዓቶምን ወጽኢቶምን ዓቢ ኣበርክቶ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ክንዮ ሰለስተ ሃገራት ዝኸይድ ረዚን መልእኽቲ

ጴጥሮስ መንግስ
ስእሊ - የማነ ኣብርሃ

መራሕቲ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማልያን ብ9ን 10ን ሕዳር ኣብ ጎንደርን ባህርዳርን - ኢትዮጲያ ዘካየድዎ ርክብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ብ5 መስከረም 2018 ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ ቀዳማይ ርክቦም እዩ።

ቀንዲ ዕላማ'ዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ርክብ፡ ሰለስቲኦም መራሕቲ ኣብ ቀዳማይ ርክቦም ዝሰነምዎ "ሓባራዊ ኣዋጅ ምሕዝነትን ኣጠቓላሊ ምትሕግጋዝን" ምግምጋምን ናይ መጻኢ ውጥን ምውጻእን'ዩ ነይሩ።

ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፍወርቂ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፈደራላዊት ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማልያ ኣቶ መሓመድ ዓብዱላሂ መሓመድ፡ ክሳብ ሕጂ ተመዝጊቡ ብዘሎ ተጨባጢ እወታዊ ውጽኢት ዕግበቶም ብምግላጽ፡ ንመጻኢ ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት'ውን ብዘሳተፋሉ መንገዲ ብዝሓየለ ክቕጽልዎ ተረዳዲኦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብቲ ኢጋጣሚ ኣብ ዘሰምዖ ሓጺር ቃል፡ እዚ ናይ ሕጂ ርክብ ኩና ሰለስቲኤን ሃገራት ዚኸይድ ረዚን መልእኽቲ ከምዘለዎ'ዩ ገሊጹ። ብርግጽ ድማ፡ ድሕሪ'ቲ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ክሕሰኮስ ዝጸንሐ ንቕሓት፡ ኣብዚ ቀረባ ኣዋርሕ ዝመጸ ለውጢ ንስፊሕ ከቢ'ዚ ኣህጉርን ካልእን ዝፍ ዕድላት ዝፈጥር እዩ። ብኣንጻሩ ኑቶም ዝ መጻኢ ዘሎ ምዕባለታት ክዘርጉ ዝጽዕሩ ሓይልታት ተሰፋ ዘቑርጽ እዩ።

ህዝብታት እዚ ዞባ፡ ዘለዎም ጥምረት ዚያዳ ከተርንዐ ከምዝደልዩን ከምዝትሰፈዉን፡ ኣብ ኤርትራ ይኹን ኢትዮጵያ ንመራሕቲ ዝገበርዎ ኣቀባብላ ዝምስክር'ዩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘካየዶ ናይ ክልተ መዓልቲ ዑደት ንምፍላም - ናብ'ታ ካብ ኣስመራ 134 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ ታሪኻዊት ከተማ ጎንደር ኣብ ዝኣተወሉ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድን ህዝበን ልዑል ኣቀባብላ እዩም ገይሮምሉ። ኣብቲ ኢጋጣሚ፡ ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስተር ደመቀ መኮንን፡ ፕረዚደንት ክልል ኣማራ ገዱ ኣንዳርጋቸው፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዶ/ር ወርቅነህ ገበየሁ፡ ሚኒስተር ፋይናንስ ኣሕመድ ሽዴ፡ ከምኡ'ውን መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓዲን ተረኺቦም ነይሮም።

ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ፕረዚደንት ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማልያ መሓመድ ዓብዱላሂ ምስ ተጸንበሮም ድማ፡ ጉዕዞ ናብ ዩኒቨርስቲ ጎንደር ኮነ። 47,000 ተመሃሮን 10,000 መማህራንን ሰራሕተኛታትን ዝርከብዎ እዚ ዩኒቨርስቲ'ዚ፡ ዓሰርተ ሓደ ኮሌጃት የጠቓልል። ሰለስቲኦም መራሕቲ ብተመሃሮ ውዕውዕ ኣቀባብላን ናይ ደገፍ ሰምዒትን እናተገብረሎም - ኑቲ ዩኒቨርስቲ እናተዘዋወሩ ተዓዚቦምዎ። ተዳልዩ ናብ ዝጸበየ ባህላዊ ምርኢት ኣብ ዘምርሕሉ እዋን እውን፡ እታ 400,000 ህዝቢ ዝቕመጣ ከተማ ጎንደር፡ ጎደናታታ "ኣብ ግዜኡ ዝተረፈ ሰብ ኣሎዶ?" ክሳብ ዘብል'ዩ ሓጎሱን ደገፉን ብዘገልጽ ህዝቢ መሊኡ ነይሩ።

ሰለስቲኦም መራሕቲ ናይ ጎንደር ጻንሖቶም ምስ ዛዘሙ፡ ናብ'ታ ካብ ጎንደር 160 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ እትርከብ ብኣግራብ ስዋን ቀላሚጦሳን ዝወቀበት ከተማ ባህርዳር፡ ብሄሊኮፕተር ተጓዒዞም። ኣብ መንገዶም ከኣ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ብምውራድ ልምዓታዊ ንጥፈታት ተዓዚቦም። ኣብ ደምብያ ትሕተ-ቕርጺ ናይ'ቲ ኣብ ከባቢ ቀላይ ጣና ዝርከብ ናይ መስኖ ልምዓት፡ ኣብ ጣና በለስ ልምዓት ቃንጫ ሽኮር፡ ኣብ ቡሬ ምዕራብ ጎጃም ድማ ፓርክ ኣግሮ ኢንዳስትሪ ገለ ካብቲ ዝተዓዘብዎ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ 84 ኪሎ-ሜተር ቁመትን 64 ኪሎ-ሜተር ጎድኒን ዘለዎ ዝዓበየ ቀላይ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኾነ "ጣና ሃይቅ" ብጀልባ ዑደት ኣካይዶም።

ሰለስቲኦም መራሕቲ፡ ኣብ ባህርዳር ኣብ ዘካየድዎ ናይ ምምኽኻር ርክብ ኣብ ሰለሳዊ ዝምድናታት፡ ዞባዊ ምዕባለታትን ኣህጉራዊ ጉዳያትን ዘትኮረ ሓባራዊ መግለጺ ኣውጺኦም።

ኣብ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ናይቲ ዑደት ድማ፡ ሰለስቲኦም መራሕቲ ኣብ ከተማ ባህርዳር ንዝርከብ "ብባህርዳር ዩኒቨርሲቲ የጥበበ ግዮን ስፐሻላይዝድ ሆስፒታል" ብሓባር ወግዓዊ መመረቕታ ገይሮም። ኣብ መመረቕታ ሻዱሻይ ዙርያ መመረቕታ ተመሃሮ ሕክምና ናይቲ ዩኒቨርሲቲ ተሳቲፎም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ፡ ኣብ ከተማታት ጎንደርን ባህርዳርን - ኢትዮጵያ ዘካየዶ ናይ ክልተ መዓልቲ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዛዚሙ፡ ብ10 ሕዳር ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ።

ዝመጽእ ርክብ ሰለስቲኦም መራሕቲ ኣብ ሞቓድሾ ክኸውን እዩ።








ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ። 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ　ሰማያዊት ሓይለኣብ
ሳምራዊት መለስ　ሳራ ኣለም

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

## ሚኒስተር ልኡል...

ከምዝለዎ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ኣካዳሚያዊ ጉዳያት ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ምሕረትኣብ ገብረስላሴ ሓቢሩ።

ዕላማኡ፡ ብሉጻት ተመሃሮ ብቕዓቶም ዓቒሞም ንኽቕጽሉ፡ ማእከላይን ትሕቲ ዝበለን ብቕዓት ዘለዎም ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክሰጋገሩን ኣብ ሃገራዊ መርመራ ጽቡቕ ውጽኢት ከምዘመዝገቡን ምኻኑ እውን ገሊጹ።

ኣብ'ዚ ናይ ተወሳኺ ትምህርቲ መደብ፡ ልዑል ተወፋይነትን ትግሃትን መማህራን፡ ሓያል ወኒን ድሌትን ተመሃሮ፡ ልዑል ተገዳስነትን ተራን ኣለይቲ ተመሃሮን መሻርኽትን ከምዘንጸባረቐ - መምህር ምሕረትኣብ ኣረዲኡ።

## ኣብ ኣፍዓበትን ኣዱቡላን ምርጫታት ኣመሓደርቲ ተኻየዱ

ኣኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበትን ኣዱቡላን፡ ምርጫ ኣመሓደርትን ኣካየድቲን ከባቢን ኣካባቢ ዓድን ተኻይዱ።

እቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ካብ 28 ጥቅምቲ ክሳብ 5 ሕዳር፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣዱቡላ ድማ ካብ 01 ጥቅምቲ ክሳብ 03 ሕዳር ዝተኻየደ ምርጫታት፡ ኑቶም 3 ዓመት ዘገልገሉ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ንምትካእ ነይሩ።

ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበትን ኣዱቡላን ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኖር ረጃብን ኣቶ እድሪስ ዓሊን ኣብ ዘሰምዕዎ መደረታት፡ ኣቐዲሞም ከገልግሉ ዝጸንሑ ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣካባርትን ዕማሞም ብቕንዕናን ተወፋይነትን ከምዝፈጸሙ ጠቒሶም፡ እቶም ዝተመርጹ ሓደስቲ ድማ፡ ኣሰርም ብምኽታል - ኣሚኑ ንዝመረጾም ህዝቢ ብዘይተገላቦት ከገልግሉ፡ ኣብ ኣቀማምጣኡ ፋሕ ዝበለ ህዝቢ ንኽጥርናፍ ክጽዕሩ ተላብዮም።

ሓደስቲ ኣመሓደርቲ ብወገኖም፡ ስራሖም ብግቡእ ንምስልሳል ዘኽእሎም ክገብሩ ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ሓገዝ ህዝቢ ከምዘየፍልዮም ዘለዎም እምነት ገሊጾም።

# ኤርትራ፡ ‘ኣብ ዓለማዊ ውድድር ምልከት ቋንቋ ቻይና’

## * ንኤርትራ ወኪለን ዝተወዳደራ ተመሃሮ ዘዕግብ ውጺኢት ኣመዝጊበን

የሴፍ ሃይለማርያም

ኣብ መንን መንግስታት ኤርትራን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ብዘዘበጽሐ ምርድዳእ መሰረት፡ ቤት-ትምህርቲ ቋንቋን ባህሊን ቻይና ኣብ ኤርትራ፡ ብ5 ሰ 2013 እዩ ኣብ ትሕቲ ሳዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን ብወግዒ ተኸፊቱ። እዚ ብ‘ኢንስቲትዩት ኮንፈዩሽየስ’ ዝጽዋዕ ቤት-ትምህርቲ፡ ባህሊን ቋንቋን ቻይን ኣብ ኤርትራ ንምስፋሕ ዝዓለመ ኰይኑ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡን ሃገራት ዝደንፍቕ ባህላዊ ምልውዋጥን ምሕዝነትን ኣብ ምምዕባል ዘይነዓቕ ኣበርክቶ ከምዝገበረ ይግለጽ።

ኣብ 2015 ኣብ ዝተገብረ ገምጋም ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ኢንስቲትዩት


ዕወታት በለንን ሩፍታን ምስ መምህረን

ኮንፈዩሽየስ ብዓለም ደረጃ ኣብነታዊ ተባሂሉ ብመንግስቲ ቻይና ሽልማት ከምዝተዓደለን ካብ ምኽትል ቻይናዊ ፕሪሚር ሊዩ ያንዶንግ ዝተላእከ ናይ ብቕዓት ምስክር ወረቐትን ነቲ ኢንስቲትዩት ንኽፃቢ ዝሕግዝ ገንዘባዊ ደገፍን ከኣ ከምእተዋህበሉ ጸብጻብት'ቲ ኢንስቲትዩት ይሕብሩ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ኢንስቲትዩት ኮንፈዩሽየስ፡ ብዘይካ'ቲ ህዱእ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ተጠቒምካ ዝትግበር ትምህርቲ ‘ታይጂ’ን ፊደላት ወይ ካራክተራት ቻይና ገይርካ ዝጽሓፍ ትምህርቲ ካሊግራፊን፡ ኣብ ሓሙሽተ ቦታታት ኤርትራ - ኣብ ወሸጢ ቀጽሪ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፡ ኣብ ኮሌጅ ስነ-ምምህርና ኣስመራ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ደምበ ሰምበል፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዓዲ ቐይሕን ኣብ ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ፡ ማእከላት ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ቻይና ከፊቱ ንተገደስቲ ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና የምህር ኣሎ።

እዚ፡ ዓበይቲ፡ ማእከላትን ናእሽቱን ናይ ክልተኡ ጾታ ዝሳተፍዎ ትምህርቲ'ዚ፡ ብዘለዎ ተፈታዊነት ዓመታዊ ብበምጋም ክሳብ ሓደ ሽሕ ሰዓብቲን ተገደስቲን ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና ኣጥርዩ ይርከብ። ብርክት ዝበሉ ተመሃሮ ናይ'ዚ ኢንስቲትዩት'ውን ብቛንቋ ቻይና ገይሮም ምስ ቻይናውያን መማህራኖም ክረዳድኡን ክዘራረቡን በቒዖም ስለዘለዉ፡ ኣድማዕነቱን ጸላውነቱን እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ።

ብመሰረት መምርሒ ቤት ትምህርቲ ኢንስቲትዩት ኮንፈዩሽየስ፡ ዓመታዊ ኣብ መንጎ ወጻእተኛታት ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና ውድድራት ምልከት ቋንቋ ቻይና ይካየድ'ዩ። ኣብ'ዚ ውድድር'ዚ ዝተዓወቱ ተወዳደርቲ ድማ፡ ኣብ'ቲ ዓመታዊ ኣብ ቻይና ዝካየድ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጽኡ ወጻእተኛታት ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና ዝሳተፍዎ ምልከት ቋንቋ ቻይና ክምዝሳተፉ ይግበር። ኣብ'ዚ ብደረጃ ዓለም ኣብ ቻይና ዝካየድ ውድድር ምልከት ቋንቋ ቻይና ዝተዓወቱ ተመሃሮ ከኣ ፕዝሖባዊን ካልእን ሽልማታት ይወሃቦም። እዚ ውድድር'ዚ፡ ካብ 14 ክሳብ 20 ዓመት ዝዕድመኦም ወጻእተኛታት ተመሃሮ፡ ቋንቋ ቻይና ንኽመሃሩ፡ ባህሊ ንኽለዋወጡን ምዝሕዝሖት ንኽሃንጹን ከም ድልድል ኰይኑ ዘገልግል ብምዃኑ፡ ‘ቻይኒዝ ብሪጅ ቻይኒዝ ፕሮፊሽንሲ ኮምፒቲሽን’ (Chinese Bridge Chinese Proficiency Competition) ብዝብል ስም'ዩ ዝጽዋዕ።

ኤርትራውያን ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና ድማ፡ ካብ ኣብ ሃገራዊ ውድድር ናብ ዓለማዊ ውድድር ንምስጋርም ክቃደድ ብዘጸንሖ ጸዕሪ፡ ብ30 ሰ 2018፡ ንኻልኣይ ግዜ ኣብ'ዚ ዓለማዊ ውድድር ንኽሳተፉ ዘኽእሎም ዕድል ተዋሂቡዎም ነይሩ።

እቲ ኣብ ሓዳሽ ኤምባሲ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ'ቶም ንሓያለ ዓመታት ቋንቋ ቻይና ክመሃሩ ዝጸንሑ ተመሃሮ ዝተኻየደ ውድድር ምልከት ቋንቋ ቻይና፡ ከምቲ ክቡ ኣሉ ዝተገልጸ፡ ዕላማኡ ክልተ ዕወታት ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና ንኤርትራ ወኪሎም ኣብ ቻይና ንምስታፍ'ዩ። ኣብ'ቲ ሽዑ ዝተኻየደ ውድድር፡ ብጠቕላላ 20 ብሉጻት ተመሃሮ ክሳተፉ ከለዉ፡ ዝለዓለ ነጥቢ ዘምጽኣ ክልተ ተመሃሮ ድማ፡ ንኤርትራ ወኪለን ኣብ ቻይና ክሳተፋ ተመሪጸን። ንሳተን ከኣ፡ ተመሃሪት 11 ክፍሊ በለን ሃይለን ተመሃሪት 10ይ ክፍሊ ሩፍታ ኣረፋይነን ነይረን። ንኤርትራ ወኪለን ድማ ኣብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ ቻይና ዝተኻየደ መበል 11 ዓለማዊ ውድድር ምልክት ቋንቋ ቻይና ተሳቲፈን፣ ዘፅገብ ወጽኢት ብምምጻእ ከኣ ስመንን ስም ሃገረንን ኣጸዋዊዐን ዝኸረን ተመሊሰን።

እቲ ውድድር ኣብ ሰለስተ መድረኻት ተኣንጊዱ'ዩ ተኻዪዱ። ቀዳማይ መድረኽ ንብዐሉ ሰለስተ ክፋላት ዝሓቖፈ ነይሩ። ቀዳማይ ክፋሉ ብቛንቋ ቻይና ሓጺር መግለጺ ምሃብ፡ ካልኣይ ክፋሉ ሕቶን መልስን ብቛንቋ ቻይና፡ ሳልሳይ ክፋሉ ድማ ብቛንቋ ቻይና ምድራፍ ወይ ብቛንቋ ቻይና ምጽሓፍ (ካሊግራፊ) ገይርካ ክእለትካ ምርኣይ'ዩ'ዩ። ብመሰረት መምርሒ ናይ'ቲ ውድድር ከኣ ኣብ ሰለስተኡ ክፋላት ዝለዓለ ነጥቢ ዘምጽኡ ተወዳደርቲ ብዛዕባ ደረጃ ናብ ካልኣይ መድረኽ ይሓልፉ።

ኣብ ካልኣይ መድረኽ ንዘተዓለወ ብርትዕ ዝበለ ሕቶታት ዝሓቖፈ ፈተናታት ዝተዓወቱ ተወዳደርቲ ድማ ናብ ሳልሳይን መውዳእታን መድረኽ ናይቲ ዓለማዊ ውድድር ይሓልፉ'ሞ፡ ሕጂ'ውን እንተደኣ ተዓዊቶም ተዓወትቲ ዓለማዊ ውድድር ምልከት ቋንቋ ቻይና 2018 ብምዃን ዝተዳለወሎም ሽልማት ይዓትሩ። እዚ ሰለስተ መድረኻት በዓህን ተዓወትቲ ንምዃን ንኤርትራ ወኪለን ኣብ'ቲ ውድድር ዝተሳተፋ ተመሃሪት በለን ሃይለን ሩፍታ ኣረፋይነን እውን፡ ንቐዳማይ መድረኽ ልዑል ነጥቢ ብምምጻእ'የን ናብ ካልኣይ መድረኽ ሓሊፈን።

ሚስተር ጾዎ ፋኪያንግ መምህር ቋንቋ ቻይና ኣብ ኤርትራ'ዩ። ንኽልቲአን ተማሃሮ ከም ኣላዪአን ኰይኑ ድማ ምስኣን ንቻይና ተጓዒዙ። ኣብ'ቲ ቀዳማይ መድረኽ ፈተና ክልቲአን ዝደነቐ ብቕዓት ከምዘርኣያ ብምግላጽ ከኣ፡ ካብ ኣፍሪቃ ንምሳዊ ተኸቲለን ካልኣይ ደረጃ ሓዚን ብልዑል ሞራል ናብ ካልኣይ መድረኽ ናይ'ቲ ውድድር ከምዝሓለፋ ይሕብር። ብሩንድን ኮሞሩን ድማ ሳልሳይን ራብዓይን ደረጃ ሓዚን ናብ ካልኣይ መድረኽ ሓሊፈን።

ሩፍታን በለንን በዚ ተተባቢዐን ንኤርትራ ወኪለን ኣብ ፈተና ካልኣይ መድረኽ'ኳ እንተኣተዋ፡ ብሰንኪ ንእሽቶ ጌጋ ምፍጻመን በቲ ሓደ፡ ካልኣይ መድረኽ ብኸሉ መለክዒ ሓያልን በዓህን ምዃኑ ድማ በቲ ካልእ፡ ምስ ምሉእ ዓቕመንን ብቕዓተንን ኣብ ካልኣይ መድረኽ ከምዝተረፋ'ዩ ሚስተር ጾዎ ፋኪያንግ ኣረዲኡ። በዚ ከኣ እታ ድሕሪት ዝበረት ኮሞሩን ቀዳመይቲ፡ ኤርትራ፡ ብሩንድን ማላዊን ድማ ካብ ካልኣይ ክሳብ ራብዓይ ደረጃ ተሰሪዐን ውድድረን ዛዚመን። ኣብ ሳልሳይን መውዳእታን መድረኽ ከኣ፡ ካብ ኣፍሪቃ ካሜሩን፡ ካብ ኤውሮጳ ቡልጋርያ፡ ካብ ኤሲያ ሰሜን ኮርያ፡ ካብ ኦሽንያ ኣውስትራልያ፡ ካብ ኣመሪካ ሕ/መ/ኣመሪካ ኰይነን ናብ መዛዘሚ ሓሊፈን።

ክልቲአን ተወዳደርቲ ብዘርኣየኦ ብቕዓትን ብዘመዝገብኦ ወሳሊል ነጥብን ሕጉስ ምዃኑ ጠቒሱ፡ እቲ ውድድር ቀሊል ከምዘይነበረ፡ እንተኾነ ኤርትራ ከም ናይ መጀመርያ ተሳታፊት ሃገር፡ ነተን ንብዙሕ ዓመታት ዝተሳተፋ ሃገራት ሰዒራ፡ ብደረጃ ኣፍሪቃ ንኮሞሮን ተኸቲላ ካልኣይቲ፡ ብደረጃ ዓለም ድማ ምስ ቀዳሞት 10 ሃገራት ምስርዓ ብኣዳለወቲ ናይቲ ውድድር ልዑል ናእዳን ኣድናቖትን ከተትርፍ ከምዝኻኣለቶ ኣሰኒዩወን ዝኸደ ሚስተር ጾዎ ፋኪያንግ ዝገለጸ። በለንን ሩፍታን ድማ፡ በቲ ዘመዝገባኦ ነጥቢ፡ ነቲ ውድድር ዝገልጽ ናይ ብሉጻት ሰርቲፊኬት ሽልማት፡ ናይ ሓደ ዓመት ዕድል ማህደረ ትምህርቲ (scholarship) ኣብ ሃገረ ቻይናን ካብን ናብን ቻይና ኤርትራ ናጻ ናይ ነፋሪት ትኬትን ከምዝተዋህበን ሚስተር ጾዎ ፋኪያንግ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ወድድር ተሳቲፈን ዝኣድ ወጽኢት ብምምጽአን ንዝተሰምዐን ሓጎስ ከቶፍኣና ንበለንን ሩፍታን ተወኪሰናየን ነይርና። ዝሃባና መልሲ ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ብናይ ሓቦር ቃል ጸሚቒና ነቕርበልኩም፦

“ኣብ'ቲ ካብ 99 ሃገራት ዝመጻእና ልዕሊ 200 ተወዳደርቲ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዝተሳተፍናዮ ዓለማዊ ውድድር ምልከት ቋንቋ ቻይና ክንሳተፍ ምብቃዕናን ንሃገርና ወኪልና ጥንዬራና ምንብልባልናን ሓጊሰና ወሰን የብሉን። ካብ'ዚ ክንብጽሕ ከለና፡ ካብ ኣፍሪቃ ትሰዕረን ሃገር ክትህሉ ትኽእል'ያ ዝብል ትጽቢት ኣይነበረንን። እቲ ዝሓየለ ውድድር ካብ ሃገራት ኤሲያ ክመጽእና'ዩ ነይሩ ትጽቢትና። ብርግጽ ከኣ እቲ ውድድር ምስ ዓቕምና ዝሰነ ነይሩ።

“እንተኾነ፡ ሰኣን ምስትብሃልና ንእሽቶ ጌጋ ስለዝፈጸምና፡ ነጥቢ ክንክስርን ካብ ኣፍሪቃ ካልኣይቲ ክንወጽእን ተገዲድና። መወዳደርትና ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ናይ ብዙሕ ዓመታት ተመኩሮ'ኳ እንተነበረን በቲ ዝነበረና ምልከት ቋንቋ ቻይናን ኣብ ዋሕዝን ደምጽን ናይ ኣዘራርባና ዝነበረ ስጥመትን ስሉጥነትን ግን ንሕና እተን ዝበለጸ ኢና ነይርና። መወዳደርትና ከይተረፉ'ውን ኣድናቖምናን ናብ ሳልሳይ መድረኽ ክስግር ዘኽእል ዓቕሚ ከምዘለና ይነግሩና ነይሮም። ውጽኢትና ካብ ዓሚ ሓደ ደረጃ ንቕድሚት'ኳ እንተደየበ (ኣብ 2017 ኤርትራ፡ ብተመሃራይ መቕድም ኣረፋይነ ተመሃሪት የሰራ መሓመድ ሳልሕን ተወኪላ ካብ ኣፍሪቃ ሳልሰይቲ ደረጃ ወጺኣ ነይራ) ከም ትጽቢትና ግና ኣይኮነልናን። ብጺሕናዮ ዘለና ደረጃ ግን፡ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሪ ቻይናውያን መማህራንና ስለዝኾኑ፡ በዚ ኣጋጣሚ ነማስግኖም። ኣብ መጻኢ ድማ በዚ ተረኺቡ ዘሎ ተመኩሮ ተሓጊዝና ንሕና ይኹን ካልኦት ብጾትና፡ ንኤርትራ ቀዳመይቲ ከነውጽኣ ምኻንና ኣይንጠራጠርን።

“ካልእ፡ እቲ ውድድር፡ ኣብ ምልከት ቋንቋ ቻይና ዘተኮረ ጥራይ ዘይኮነሱ፡ ናይ ምሕዝነት ውድድር'ውን እዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ምስ ብዙሓት ተመሃሮ ምሕዝነት ክንፈጥርን


ሚስ ለዮ ለይን

ኣተሓሳስባና ከለሰፍሕን ሓጊዙና'ዩ። ማዕረ ማዕረኡ ከኣ ብዛዕባ ሃገርና ከፍልጦምን ታሪኽና ከለልዎምን ዕድል ረኺብና። ዕላማ'ቲ ውድድር'ውን፡ ብቛንቋ ኣብ መንጎ ሃገራት ድልድል ሰላምን ምሕዝነትን ምፍጣር'ዩ። ኣብ ሓያለ ታሪኻዊ ቦታታት ቻይና ክንበጽሕ ዕድል ስለዝረኸብና'ውን፡ ተማሲጥና ከለና ክኢልና። ብኸሉ ምሉእ እቲ ውድድር ኩነ ጽፈት ኣወዳደብኡ ከምኡ'ውን እቲ ዝተገብረልና እንገዶት ኩነ ዙረት፡ ንቻይና ክንፈትዋን ብኣኣ ክንምስጠን ገይሩና ኣሎ።

“ኣብ'ዚ ክንበጽሕ ንዝበቓዕና መማህራንና ብሓፈሻ፡ ዘይጸንቀቕ ሓልዮትን፡ ናብዮትን ምክትታልን ንዝመጠዉልና ወለድና ድማ ብፍላይ፡ በዚ ኣጋጣሚ ነማስግን። ብተወሳኺ፡ ቋንቋ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ስድራቤታት ንደቆም ቋንቋታት ንኽመሃሩ ክድግፍዎምን ከተባብዕዎምን ዝኻኽር” ክብሉ ተዛሪበም።

ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ኢንስቲትዩት ኮንፈዩሽየስ ኣብ ኤርትራ፡ ሚስ ለዮ ለይን፡ ንውጽኢት ናይ'ዞም ተመሃሮ ኣመልኪታ እዚ ዝስዕብ ሓሳብ ትህብ፡ “ኤርትራውያን ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና ብሓፈሻ፡ ክልቲአን ተወዳደርቲ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ወሽጢ ሓጺር ዓመታት ኣብ ባህልን ቋንቋን ቻይና ከምዚ ዓይነት ክእለትን ምልክትን ክርእዩ ምኽኣሎም፡ ኣዝዩ ሕጉስቲ'የ። በቲ ዝተረኸበ ወጽኢት ድማ፡ ካብ ዓሚ ሎሚ ዝበለጸ ስለዝኾነ ዕጉብቲ'የ። እዚ ከኣ ነቲ ኢንስቲትዩት ብሕጂ ብዝሓየለ ንኽሰርሕ ተሰፋ ዘሰንቕ ኰይኑ ረኺበዮ ኣለኹ።

“ብተወሳኺ፡ እዚ ኸሉ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፡ ወጽኢት ምሕዝነትን ዝምድናን ህዝብታትን መንግስታትን ቻይናን ኤርትራን ስለዝኾኑ፡ በዚ ኣጋጣሚ የቐንየልና እብል። ኩሎም ኤርትራውያን ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና ከኣ ብሉጻት ኩይናም ንኤርትራ ቀዳመይቲ መታን ክሰርዐዋ፡ ኣብ መጻኢ ምድላዋቶም ኣሐይሎም ክጽንዑን ክመሃሩን እመኽሮም።”






# ጉዳይ ፕላስቲክ ይተሓሰበሉ



ብከላ ኣከባቢ፡ ምስኡ ዝተሓሓዘ ምዝንባል ኩነታት ኣየርን ዋዒ ዓለምናን ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩ ከም ዘሎ ዝተኸወለ ኣይኮነን። ዚያዳ ኩሉ እዋን ከኣ ተጨቢጢ ስጉምቲ ንኽውሰድ ቡዙሓት መጠንቀቕታታት ይስምዑ ኣለዉ። ከም እንፈልጦ፡ ካብ'ቲ ብከላ ብምኽልኻል ንጹህ ኣከባቢ ንምውናን ኣብ ሃገርና ዝተወሰደ ስጉምቲ ሓደ፡ ንመትሓዚ ዝኸውን ፕላስቲክ ኣብ ጥቕሚ ንከይውዕል ምክልኻል እዩ። እዚ ስጉምቲ እዚ ካብ ዝውሰድ፡ ነዊሕ እዋን ገይሩ ኣሎ። ሳላ'ዚ፡ ኣብ ፍቕዶኡ ተደርብዮም ዝረኣዩ ዝነበሩ ፕላስቲካዊ መቛጸራታት እናውሓዱ ክመጽኡ ብምጅንሖም፡ ተስፋ ዝህብ ኩነታት ክረአ ጀሚሩ። እዚ ዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ነቲ ንዓለምና ይኹን ንብሲ-ወከፍ ሃገር ዘሻቕል ዘሎ ብከላ ኣከባቢን ምዝንባል ኩነታት ኣየርን ኣብ ምቕላል፡ ይብዝሕ ይውሓድ ተራ ከም ዝህልዎ ንጹር እዩ። ሃገርና፡ ኀና ካብ'ተን ብኣሰካፊ ብከላ ዝይተጠቕዓ ሃገራት ብምዃና ድማ፡ ብኢጋ ከም'ዚ ዝበለ ስጉምቲ ክውሰድ ምኽኣሉ፡ ንህዝቢ'ዛ ሃገር፡ ካብኡ ሓሊፉ እውን ንኣከባቢና ውሕስነት ዝህብ እዩ።

እንተ ኾነ ግን ሎሚ፡ ምጥቃም ፕላስቲካዊ መቛጸራታት እናበዝሐ ዝኸይድ ዘሎ ይመስል። ብሕልፊ ዕዳጋታት ኣብ ዘለወ ከባቢ፡ ዝተዘርወ ፕላስቲካዊ ነገራት እናበዝሐ ይመጽኡ ኣለዉ። ምናልባት፡ ምስ ጎረቤትና ዘሎ ኢትዮጵያ ጸዕቂ ንግዳዊ ምልውዋጥ ስለ ዝጀመረ ክኸውን ይኽእል፡ እቶም ደቂቕም እናህጡሙ ዝኸዱ ዝነበሩ ፕላስቲካት እናሰሰኑን ኣብ ጽርግያታት ብብዝሒ ተደርብዮም ክረኣዩን ጀሚሮም ኣለዉ።

ፕላስቲካት፡ ብንፋስ እናተደፍኡ ካብ'ቲ ናይ ዕዳጋ ቦታ ወጺኦ ይዝርግሑ ኣለዉ። ብናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት ንገሆ-ንገሆ ዝጸረ እንተ ኾነ፡ ብኸም'ዚ ዘለዎ መንገዲ እንተ ቀጺሉ፡ ናብ ምሉእ ከተማ ኢሉ'ውን ገጠራት እናተዘርግሐ ምስ ከዱ ደሓር ንምእካቡ ኣጸጋሚ ክኸውን እዩ። ከም'ዚ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ንዓመታት ክብዙን ዝጸንሐ'ሞ፡ ሎሚ ኣብ ወቕያኖሳትን በረኻታትን ተበቲኑ ንምእካቡ ኣጸጋሚ ኩይኑ ዘሎ ማለት እዩ።

ብኢጋ ሓደ ስጉምቲ እንተ ዘይተወሲዱ፡ እዞም ፕላስቲካት ናብ'ቲ ብጽርየቱ ፍሉጥ ዝኾነ ቀይሕ ባሕርና ከበጽሑን ንብከላ ክቃልዑዎን ይኽእሉ እዮም። እዞም ካብ ሽየጥቲ ናብ ዓደግቲ እናተሰጋገሩ ዝዝረዉ ዘለዉ ናይ ፕላስቲክ መቛጸራታት ተጠርኒፎም ኣብ ውሱን ቦታ ዝእከቡሉ ወይ ዝኮሓፍሉ ኩነታት እንተ ዝፍጠር፡ እቲ ኣብ ሃገርና ክትግበር ዝጸንሐ ፕላስቲክ ናይ ምክልኻል ሰራሕ ቀጻልነቱ ክረጋገጽ ምኽኣለ። ስለ ዝኾነ፡ ዝምልከቶ ኣካል፡ እዚ ጉዳይ ብዕቱብ ጠሚቱ፡ እቲ ኣቐዲሙ ዝተወጠነ መደብ ዝቕጽለሉ፡ ከም'ኡ'ውን እዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት ዝእረመሉ መንገዲ ክቕይስ፡ ከም'ኡ'ውን ነጋዶን ተጠቀምትን ዝተጠቐሙሉ ፕላስቲክ ብጥበብ ክእክቡዎን ኣብ'ቲ ዝግባእ ቦታ ክኩሕፉዎን እላቡ።

ርቢል ካብ ኣስመራ

# ታቤላታት ኣተኩሮ እንተ ዝግበረሎም

ከም'ቲ ኣብ ኩሉ ዓለም ዝግበር፡ ኣብ ሃገርና እውን ንዝተፈላለየ ምኽንያት ታቤላታት ይትከሉ እዮም። እዞም ታቤላታት - ዝሕብሩ፡ ዘጠንቅቑ፡ ዘፍቕዱ፡ ዘየፍቕዱ. . . ክኾኑ ይኽእሉ። ህዝቢ ካብ'ዞም ታቤላታት ገለ ነገር ንኽፈልጥ ተባሂሎም ስለ ዝትከሉ ድማ፡ ብንጹር መንገዲ እንተ ተጻሒፎም ዚያዳ ወጽኢት ኣለዎም። ብሕልፊ ድማ ኢጋደሽ፡ ኣብ ታቤላታት ዘለዉ ጽሑፋት ብምንባብ ብቐሊሉ ዝደለዩዎ ቦታ ወይ ነገር ክረኽቡ ኣለዎም።

ቀንዲ መሐበሪ ናይ ትራፊክ፡ ንግዳዊ ትካላት፡ መንግስታዊ ኣብያተ ጽሕፈት. . . እዞም ታቤላታት ስለ ዝኾኑ፡ ቀሊል ጥቕሚ ኣይኮኑን ዘለዎም። በዚ መንገዲ እንክረኣ፡ ታቤላታት እንተ ዘይህልዉ፡ ዝደለናዮ ቦታ ይኹን ነገር ብቐሊሉ ክንረኽቦ ኣይምኸኣልናን። ኣብ ግዜ ምምራሕ መኪና ይኹን ካልእ ንጥፈታት ክንክተሎ ዝግባእ ሕግታት፡ ኣብ ቀረባ ኣይምጸንሓናን። ስለ'ዚ፡ ብዙሓ ታቤላታት ዘለና ግንዛበ ምሉእ ክኸውን ትጽቢት ይግበረሉ። ንሕጂ ክዝረበሉ ደልየ ዘለኹ ግን፡ ብዙሓ ኣብ'ቶም ጽሑፋት ዝረኣ ናይ ሰዋስውን ካልእን ጌጋታት እዩ።

ኣብ ገለ ቦታታት ከም ዝተዓዘብኩዎ፡ ብሕልፊ ብዙሓ ቋንቋ ትግርኛ ክዝረብ፡ ሰዋስው ትግርኛ ዘይተኸተለ ኣጸሓሕፋ ደረአ እዩ። ብጣዕሚ ቋንቋና ብጌጋ ንጽሓፎ እንተ ደኣ ኾንና፡ ካልኦት ከዐርዩልና መቸም ኣይንጽበ። ህጻናትን ኣብ'ቲ ቋንቋ እኹል ኣፍልጦ ዘይብሎም ሰባትን፡ እዚ ብዓቢ ፊደላት ተጻሒፉ ዝርእዩዎ ቋንቋ፡ ከም ቅቡል ገይሮም ክወስዱዎ ዘሎ ተኽእሎ እውን ኣመና ዓቢ እዩ። ብዓብኡ፡ ኣብ ገጽ ቋንቋና ንዘለና ክብርን ተገዳስነትን ዘመልክት ብምዃኑ፡ ተገዳስነት ዝሓትት እዩ። ታቤላ ምጽሓፍ፡ ብዙሕ ግዜ ዘይወስድን ንክኢላታት ብምሕታት ክስተኻኸል ዝኽእልን እናሃለወ፡ ከም ዝመሳሰሉ ምጽሓፍ ኣይግድድን።










ካብ'ቶም ዝተዓዘብኩዎም'ሞ ክስተኻኸሉ ኣለዎም ዝበልኩዎም ገለ ኣብነት ከቕርብ። ኣብ ሰዋስው ካብ ዝረኣዩ ጌጋታት፡ ነቲ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋ ብቐጥታ ካብ ምትርጓም ዝመጽእ ሳዕቤን ይመስል። ንኣብነት ብእንግሊዝኛ "SELAM BAR" እንተ ተባሂሉ፡ ብቐጥታ ብምትርጓም "ሰላም ባር" ይጽሓፍ። ብተመሳሳሊ እውን ብትግርኛ በቲ ቅኑዕ ሰዋስው "ባር ሰላም" እንተ ተባሂሉ፡ ብእንግሊዝኛ እውን "BAR SELAM" ተባሂሉ ይትርጎም። እንተ ኾነ ግን እንግሊዝን ትግርኛን ኣብ ሰዋስው በበይኑ ኣካውና ኣለዎ።

ካልኣይ፡ ውሑዳት ኣብ ዘይኮኑ፡ ብሕልፊ ንግዳዊ ትካላት እንተ ተዓዚብና፡ እቲ ብትግርኛ ዝተዋህበ ስም ትካል፡ ብእንግሊዝ ተተርጒሙ ክጽሓፍ ደረአ። ኣነ ከም ዝፈልጦ፡ ስም ናይ ትካል ብኻልእ ቋንቋ ተተርጒሙ ኣይጽሓፍን። ምኽንያቱ፡ ከም'ቲ ንሰብ ዝወሃቦ ስም፡ መጸውዒ ስለ ዝኾነ፡ ክቕየር ኣይግባእን። ብዝኾነ ይኹን ቋንቋ፡ ብሓደ ስም ጥራይ ክጽሓፍ ኣለዎ። ንኣብነት "ቤት መግቢ ቀይሕ ባሕሪ" እንተ ደኣ ተባሂሉ፡ ብእንግሊዝ እውን "KEIH BAHRI RESTAURANT" እዩ ክበሃል ዘለዎ። ስም ናይ'ቲ ትካል "ቀይሕ ባሕሪ" ምዃኑ ዝተፈለጠ ሰቡ፡ ቡቶም ንሱ ዝፈልጦም ፊደላት (ንኣብነት እንግሊዝ) ከም'ኡ ዝበሎ ጽሑፍ ክረኽብ ኣለዎ። ከም'ዛ ኣብ ስእሊ ዘላ ታቤላ፡ "ባር ሉል ቀይሕ ባሕሪ" እንተ ደኣ ተባሂሉ፡ "LUL KEYH BAHRI BAR" ተባሂሉ ክጽሓፍ ኣለዎ። ስም ናይ'ዛ ትካል "ሉል ቀይሕ ባሕሪ" ደኣ'ምበር፡ ትርጉም ናይ'ዚ ኣይኮነን።

ንኣብነት ኣብ ስእሊ ዘላ ታቤላ እንተ ኣስተብሂልና "ቤት ዕዮ መስትያት ዘመናዊ" ተባሂላ ከተብቅዕ፡ ስማ ተተርጒሙ "MODERN GLASS WORK" ተጻሒፉ ኣሎ። ዘመናዊ ማለት "Modern" ማለት ስለ ዝኾነ እዩ ተተርጒሙ። እንተ ኾነ ግን "ዘመናዊ" ስም ናይ'ቲ ትካል ደኣ'ምበር፡ ኣገልግሎቱ ወይ ድማ ዓይነቱ ዝገልጽ ኣይኮነን። ኣብ ታቤላታትና ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ውሑዳት ዘይኮኑ ጌጋታት ኣለዉ።

ካብ'ዚ ፍልይ ብዝበለ ኸኣ፡ እዛ ኣብ ስእሊ ዘላ ታቤላ፡ "ቤት ቀርሲ ደብረሲና" እያ እትብል። በቲ ብእንግሊዝ ተጻሒፉ ዘሎ ድማ "DEBRESINA BET KURSI" ይብል። እቲ ትካል እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ከም ዝህብ በቲ ቋንቋኡ ክጽሓፍ ይግባእ። ነዛ ታቤላ እዚኣ ሓደ ወጻኢተኛ ወይ ተዛራቢ እንግሊዝ እንተ ኣንቢቡዋ፡ ናይ ምንታይ ትካል ምዃና ከመይ ኢሉ ክፈልጥ ይኽእል? ቤት ቁርሲ ምዃና ብእንግሊዝ ክጽሓፍ ክኽእል ኣለዎ። ንዘይኮነ ትግርኛ ዘይፈልጥ ሰብ፡ እዛ ትካል ኣገልግሎታ እንታይ ምዃኑ ፍሉጥ ኣይኮነን።

ኣብ ታቤላታትና ከም'ዚኣቶምን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ምስትኽኻል ዘድልዮም ነገራት ስለ ዘለዉ፡ ዝምልከቶ ኣካል ብቐጻሊ መንገዲ ዝጽሓፉሉ መንገዲ እንተ ዘፈጥር፡ ወነንቲ ትካላት እውን ብኽኢላታት ተሓጊዞም ኣስማት ትካላቶም እንተ ዝጽሕፉ እላቡ።

ኣማን ካብ ኣስመራ

# ምዕባለዶ ድሕረት

ኣብ'ዚ እዋን፡ ኣብ ገለገለ መንእሰያት ፈጺሙ ምስ ባህልን ምስልን ህዝቢ ዘይሳነ፡ ኣከዳድናን ኣቀማቕማ ጸጉርን እዩ ዝረአ ዘሎ። ኣከዳድናና ዝተቓደደ እናተኸበኻ እምበር፡ ቀዳድ እናመረጽካ ኣይኮነን። ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝተቓደደ፡ ገለኡ ኣናጹ ክምንጭጭታኡ ዝሓደራ ዝመስል ብጅልጃል ክዳውንቲ ኣብ መንእሰያት እንክትርኢ፡ በየን ኣቢሉ ዝመጽአ እዩ ኢልካ ካብ ምሕታት ዓዲ ኣይትወዕልን። እቶም ከም'ዚ ዝበለ ክዳውንቲ ዝኸደኑ "ስለምንታይ?" እንተ ተባሂሎም፡ እንታይ መልሲ ከም ዝህልዎም እንድዒ። ምናልባት ክብሉዎ ዝኽእሉ እንተሎ "ፋሽን ስለ ዝኾነ" ዝብል መልሲ ጥራይ ከይኮነ ኣይተርፍን። ፋሽን፡ ንጸባቕን ንመማርጎን እንተ ኾነ ደኣ'ምበር፡ ንኽፍኣትን ሕሰረትን ክውዕል ከሎ'ስ 'ፋሽንና ኣይግበሮ!' እዩ ዝበሃል።

ምሉእ ብርኽኹ ስለፍኪ. . . ዘርኢ፡ ኣብ ገለኡ እውን ካብኡ ዝገደደ ስረ ተኸዲንካ ምኻድ "ፋሽን" እንተ ተባሂሉ፡ ዕርቃንካ ምኻድ እውን ከም ፋሽን ክዘውተር እዩ። እቶም ከም'ዚ ዝበለ ኣከዳድና ዘተኣታትዉ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዝነብሩ ሰባት፡ ክዳዉ ሰብዊ ባህርያት ዝኸዱ፡ ብሓሽሽ ዝደንዝዙ፡ ብዙና ዝሰኸሩ፡ ክብርታት ሕብረተሰብ ፈጺሞም ዝረስዑ ወይ ዘይፈልጡ እዮም። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት እናረኣዩ፡ እዞም ሰባት ዝተኸደኑዎ ዓይነት ክዳን ከም ጸቡቕ ወሲዱ፡ መኻዕበቲ ገዘብ ነጋዶ ዝኸውን ከኣ ካብኡ'ቶም ይገድድ ኣሎ።

ቀዳድ ክዳን ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳብ መቐመጫኻ ኣውሪድካ ምዕጣቕ እውን፡ ኣብ መንእሰያት እናበዝሐ ይኸይድ ኣሎ። ጸለምቲ ኣመሪካውያን ነዚ ክገብሩ ከለዉ፡ ምስኡ ዝተሓሓዘ ታሪኽ ኣለዎም። እቲ ተግባር ኣሉ ዘይቕርዑ ኣከዳድና ስረ ዘዘውትር ደኣ፡ ምስ ኣየናይ ታሪኽ እዩ ከተኣሳስሮ። ኣከዳድና ናይ'ቲ ዝነብረሉ ሕብረተሰብ ከም'ኡ ኣይኮነን። ዕርቃንካ ርእዩልዩ እናበልካ ምኻድ ፈጺሙ ምስ ሕብረተሰብና ዘተኣሳስር ምኽንያት ወይ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ የብሉን። መሕልፎ ስረኻ ብጥበብ ምዕጣቕ፡ ካብ መለይታትና እዩ። ስረ ኣብ መቐመጫኻ ምዕጣቕ ንትርኢት ኣይጸብቕ፡ ንምንቅስቓስ እውን ኣይምቹእ።

ኣብ ኣረዳድኣ፡ ኩሉ ፋሽን ንኹሉ ዓይነት ህዝቢ ይኸውን ማለት ኣይኮነን። ፋሽን እንተ ተደልዩ፡ ነቲ ዘለና ምዕሩግ ዝኾነ ኣኩዳድና፡ ብዚያዳ ኣማዕሪኻና ክንክደኖ ዘይንኽእል ኣይኮንናን። ካብ ባህልን ልምድን ከይወጻኣ፡ ፍሉይ ቅዲን ኣከዳድናን ከነተኣታቱ ንኽእል ኢና። እንተ ዘይኮይኑ፡ ዘበን ኣምጽኦ ተባሂሉ፡ ፈጺሙ ምሳና ዘይሳነ ካብኡ ሓሊፉ፡ ዘኽፍእ እምበር ዘጸብቕ ክዳንን ኣከዳድናን ምስ ምንታይ ይቝጸር? እቲ ዘሉብቐልካን ዘኽብረካን ናይ ንጹርእሰኻ ኣከዳድናን ክዳንን ንዒቕካ ናብ ናይ ካልኦት ሃረር ምባል፡ ከም ድሕረት ደኣ'ምበር፡ ከም ምዕባለ ኣይቝጸርን። ብዓብኡ ምዕባለ ኣብ ኣእምሮ ደኣ'ምበር፡ ናይ'ቶም ምዕቡላት ዝበሃሉ ባህልን ልምድን ምቕዳሕ ኣይኮነን።

ኣብ ኣቀማቕማ ወይ ኣመሻሽጣ ጸጉሪ ርእሲ እውን ኣይግድድን ዝበሃል ኩነታት እዩ ተቐልቂሉ ዘሎ። ወንጨርጨር ምባል፡ ከም ኩትናይ ንላዕሊ ገጹ ዝተተኽለ ጸጉሪ. . . ኮታ ንኽትተሰፍእ ኢልካ ዝተጉበረ ዝመስል በበይኑ ዓይነት ጸጉሪ፡ ብብዙሓት መንእሰያት ክዘውተር ንርእዮ ኣለና። ከም "ፋሽን" ግዲ ተወሲዱ፡ ከተዕልል፡ ክትዛወር፡ ኮፍ ክትብል. . . ከለኻ ንጸጉርካ ብኣጻብዕትኻ ምጥዋይ ከኣ ኣመል ናይ መንእሰያት እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ብዓይኒ ጽሬት እንተ ተራእዩ እውን፡ ኣጻብዕትኻ ምስ ጸጉሪ ርእሲ ክውዕል፡ ከም ነውሪ ዝውሰድ እዩ። ስለ'ዚ ብሕልፊ መንእሰያት፡ ኣብ ጸባቐኦም ክምርኮሱን ነቲ ናቶም ዘበለ ከይድንቑን ተዓዚቢ ድማ ዓጉብ ምባል ከይሓድጉን እላቡ።

ወዲ ሃገር - ገንዳ

# ንኣፍልጠ

ጆሚ/ ደጀን ተኽለ

## ደብዳበ ፍቕሪ




ፊደል፡ መልሰይ ብይቕረታ ክጅምሮ ፍቓደለይ። እዛ ዕለት ኣብ ህይወተይ ፈጺመ ክርስዓ ዘኽእል ኣይኰንኩን። ከም ወትሩ ተራኺብና ምዉቕ ፍቕርና ብሓጎስ ከየማምቐ እናብሃግና፡ ኣነ ግን ብኣንጻሩ ልብኻ ዝሰብሩ ዕሪ ቃላት ወርዊረልካ ብምኻደይ፡ ካብቲ ኮፍ ኢልካሉ ዝነበርካ ተንሲእካ ከተርንበኒ'ውን ኣይከኣልካን ብስንባደ ተረሸሚሽካ።

ኣብ ጉዕዞ ፍቕርና ብዜይካ ካብ ልቢ ዝፈልፈለ ሓልዮትን ክብርን እዚ ክብሎ ዝኽእል በደል ኣይፈጸምካን። ስለምንታይ ዚ ሕማቕ ሓሳብ ሓሰበየ'ውን መልሲ ክህበሉ ዝኽእል ኣይኰንኩን። ኣዕሙቑ ምስ ሓሰብኩሉ ግን ወላሕይ ጌጋ ምንባሩ ክግምግም ኣይተጸገምኩን። እቲ ምንታይ፡ ካባኻ ምስ ረሓቕኩ ቅንዕናኻ፡ ሓልዮትካን ልቦናኻን ፈጺሙ ካብ ቅድመይ ክርሕቕ ኣይከኣለን።

ጌጋ መናብርትና ምኻኑ ጌጋኻ ዘይምእማን ግን ዝዓበየ ጌጋ ምኻኑ ዚያዳይ ንሽካ ትፈልጦ። ንህይወተይ ብቕኑዕ መንገዲ ክመርሓን ንኽትበብዩይ ብዓይኒ ፍቕሪ ክጥምትን ትህቢ ዝነበርካ ምኽሪ ብዘይካ ካባኻ ካብ ካልእ ፈጺመ ክረኽቦ ኣይከኣልኩን።

'ድሕሪ ማይ ናብ ቦኦቲ' ደኣ ከይትብለኒ'ምበር፡ ከማኻ ዓይነት ንፍቕርን ህይወትን ዝፈልጥ ኅበዘ ኣሎ ክብል ኣይደፍርን'የ። ንሽካ ብኹሉ ሃርካ ምሉእ ኢኻ፡ ቃላትካን ተግባራትካን ኣዝዩ ዘድንቕም። ድሕሪ ምፍልላይና ዘርኣኻዮ ልዙብ ቃላታን ትሕትናን'ውን ንዘለካ ብልሒ ከስተብህሉ ኣኽኢሉኒ'ዩ።

ብናተይ ወላሕ ምዉቕ ፍቕርና ከም ዘይብረ ክኸውን'ኳ ፈሪደ እንተነብርኩ፡ ሕጂ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ ንወላሕይ ምስ ተዓዘብኩዎ ግን ምሉእ ብምሉእ ጌጋ ምንባሩ ክርድኦ ኣይተጸገምኩን። ሳላ ዝረሓቕኩኻ መዛና ዘይብሉ ሓልዮትካን ጸባቐኻን ከስተብህሎ ክኢለ'የ። ንጌጋይ ካብ ልቢ ይቕረ ኢልካ ምዉቕ ፍቕርና ናብ ቀደሙ ክንመልሶ ይምሕጸነካ ኣለኹ። ንበደለይ ዝጸወር ልቦናኻ ስዒሩኒ'ዩ።

## መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ካ | ራ | ት | | ፈ | ሰ | ሰ | ት | | መ | ር | ዓ |
| ል | | ኳ | ረ | ን | ቲ | | ም | | ጸ | | ለ |
| ኢ | ሰ | ብ | አ | ዊ | | ሰ | ኔ | ት | | ጎ | ል |
| ት | ም | | የ | | ግ | ራ | ት | | ገ | ደ | ፈ |
| | ር | አ | | ጆ | ና | ሕ | | ስ | | ለ | ለ |
| መ | | ሓ | | ባ | ዩ | | ለ | ሓ | ሰ | | ል |
| ዝ | ል | | አ | ሕ | | ዕ | ም | ብ | ረ | | |
| ሓ | | ሓ | ዝ | | ክ | ዳ | ን | | በ | ረ | ረ |
| ሊ | | ደ | መ | ረ | | ጋ | | | | | ም |
| ት | ኪ | | ራ | ግ | ቢ | | መ | አ | ረ | ም | ቃ |
| | ዳ | ስ | | ረ | ብ | ሓ | | ድ | | ክ | |
| ዳ | ን | ጋ | | ገ | | ደ | ል | ሃ | መ | ት | |

## ጸቕጢ ጸቕጢ

ጸቕጢ፡ ኣብ ህይወትና ኪጋጥም ንዘኽእል ክብታን ስጠቕታን ናይ ሞራል'ዩ። እዚ ክስተት ኣብ ገለ ሰባት ጸጸኒሑ ዝርአ ንብርኳ እንተኾነ፡ ኣብ ገለ ሰባት ግን እቲ ናይ ቀዛት መንፈስ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናበረኸን እናዛየደን ክኸይድ ይኽእል። እዚ ስምዒት'ዚ ንልዕሊ ክልተ ሰሙን ምሳና ምስ ዝቐጽል ኣብ ልዕሊ ኑብስና ጽልኣት ብምሕዳር ናብ ዘይተደልየ ስምዒታዊ ስጉምቲ ክመርሓና ዝኽእል ሕማም'ዩ። ኑብስና ዋላ ሓደ ኣበርክቶ ክህልዋ ዘይክእል፡ ፋይዳ ዘይብላ ምስ ንሓስብ ጉዕዝና ብጸቕጢ ይምላእ። እንተኾነ፡ እዚ ዓይነት ሕማም ኣብ መብዝሕትኡ ሰብ ዋላ'ውን ኣብ ህይወቶም ምሉእ ሓጎስ ይረኽቡ'ዮም ኢልና እንግምቶም ሰባት ኪጋጥም ዝኽእል ክስተት'ዩ።

ሕማም ጸቕጢ፡ ምልክት ድኻም ወይ'ውን ኣሉታዊ ጠባይ ዘይኰነ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኪጋጥም ዝኽእል ዓይነት ሕማም'ዩ።

ጸቕጢ ክስመዓካ እንከሎ ካብ ዘጋጥሙ ምልክታት

* ዘኸሩ እትገብሮ ሕማቕ ከየጋጠመካ እንከሎ፡ ምስ ኑብስኻ ትሓርቐን ኣብ ኑብስኻ ተጉዳእኩት ተጉድልን

* ሓይልኻ ይደክም

* ሕማም ስእኑት ድቃስ የጋጥመካ

* ቃንዛ

* ሕማም ርእሲ

* ሕማም ስርዓት - ምሕቃቕ መግቢ

* ክብደት ሚዛን ምውሳኽ ወይ ምጉዳል

* ሸውሃት ምዕጻው ወይ ብኣንጻሩ።

ጸቕጢ ኣብ ዝሰምዖም ሰባት ዘጋጥም ናይ ሕማቕ ሓሳብ ምልክታት፡

መብዝሕትኦም ሓደኛ ጸቕጢ ዝሰምዖም ሰባት ከቢድ ስጉምቲ'ዮም ዝወስዱ። ነቲ ሓሳብ ቅድሚ ምትግባሮም ዝሰምዖም ምልክታት ከኣ፡

* ብተደጋጋሚ ብዛዕባ ሞት ኣልዒልካ ምዕላልን ምዝራብን

* ንሰባት ምፍርራሕ ወይ ድማ ሓደጋ ከተወርድ ምድላይ



* ቅድሚ እቲ ሃገር ምፍጻሙ ካብ ሰባት ክትክወል ወይ'ውን ክትሕባእ ምፍታን

* ልዕሊ ዓቕን መስተ ምስታይን የጠቓልል።

ሕማም ጸቕጢ ኖኖት ዓይነት ሰባት ዚያዳ የጥቅዕ?

እዚ ሕማም ክሊ ዕድመ ይኹን ጾታ ከይፈለየ ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ሰብ ኪጋጥም ዝኽእል ሕማም'ዩ። እንተኾኑ ገለ ተመራመርቲ ናይዚ ዓውዲ፡ ጸቕጢ ብተወርሶ ክመሓላለፍ ከም ዝኽእል ይኣምኑ። ብተወሳኺ፡ ደቀንስትዮ ካብ ደቂ-ተባዕትዮ ብኽልተ ዕጽፊ በዚ ዓይነት ሕማም ከም ዝጥቅዓ ይግለጽ።

ጠንቂ ሕማም ጸቕጢ

ክሳብ ሕጂ ብዘተግበረ መጽናዕቲ ጠንቂ ሕማም ጸቕጢ እንታይ ምኻኑ ዝተነጽሐ የለን። ምኽንያቱ፡ እቲ ግዳይ ናይዚ ሕማም ከይተረፈ ይጭነቕ ከም ዘሎ ደኣ'ምበር፡ ኣየናይ ክፋል ሰብነቱ የጨንቖ ከም ዘሎ ብልክዕ ክገልጽ ኣይክእልን'ዩ። ገለ ኣብዚ ዓውዲ ዝመራመሩ ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ ግና፡ ኣብ ሓንጎልና ናይ ዝርከቡ ቀመማውያን ባእታታት ኒዩትሮ ትራንስሚተር ምዝባዕ ወይ'ውን ምዕሩይነት ብዘይምህላው ከም ዝኸሰት ይኣምኑ። እንታይ ምስኩኑ'ዩ ግን እዞም ኣብ ሓንጎልና ዝርከቡ ኬሚካላት ምዝባዕ ዝፈጥሩ? ዝብል ሕቶ ክስዓል ከኣ ግድን ይኸውን። ኣብ ሓንጎልና ብዘየርደኣና ምኽንያት ዝኸሰት ኣዕናዊ ስንባደ፡ ምኽሳር እተፋቅሮ ሰብ፡ ዓመጽ፡ ምስኣን ስራሕ፡ ብዝለሐ ኣልኮልን ናይ ሆርሞን ምልውዋጥን ካብቶም ዝጥቀሱ ጠንቂ ምኻኖም ተመራመርቲ ይገልጹ።

ከመይ ገይርና ካብ ሕማም ጸቕጢ ንኣገል ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ ካብ ዘቕመጥዎም ነጥብታት ድማ

* እቲ ብቐዓምነት ክወሰድ ዝኾብኦ ስጉምቲ ናብ ሰብ ሞያ ብምኻድ ክትፍወስ ምኽኣል'ዩ

* ስሩዕ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር

* ምስ ዘቤታውያን እንስሳታት ምምሕዛው

* ቤተሰባዊ ሓገዝን ምሕታትን ምስ ስድራቤት ጥቡቕ ጥምረት ምህላውን

* ጽቡቕ ራኢ ክህልወካ ምፍታን፡ ገለ ካብቶም ሓገዝቲ ኣገባባት ምኻኖም ሰብ ሞያ'ዚ ዓውዲ ኣጥቢቖም ይመኽሩ።

## ጃን ጉዳል መን' ያ?



ጃን ጉዳል፡ ብ1934 ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ተወሊዳ። ኣብ ግዜ ንእስነታ ሰክረታሪ ኮይና ናይ ምስራሕ ክእር ባህጊ ነይሩዋ። ክንዲ ዝኾነ ሃረርታኣ እተማልኣሉ ባይታ ንምፍታሽ ሃሰው ምባል ኣይገደፈትን። ሓደ እዋን ናይ ዕረፍቲ ግዜኣ ኣብ ኬንያ ከተሕልፍ ኢላ ናብ'ታ ሃገር ገይሻ። ናብ ኬንያ ኣብ ዝኸደትሉ እዋን፡ ምስ ዳይረክተር ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ኬንያ ሚስተር ሉዊስ ሊከይ ተራኺባቶ። ኣብ ዕላላ ዕላማ ዕዶታ ኣይዘንግዐትን። ናይ ሰክረታሪ ስራሕ ትረክብ እንተኾነት ሕቶኣ ኣቕሪባቶ። ሊከይ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ልዕሊ ጃን ጉዳል ተማስጦን ኣድናቖትን ኣሕደረ።

ኣድናቖቱ ብህንጡይነታን ዓቕላን ከም'ኡ'ውን ኣብ እንስሳታት ብዘለዋ ፍቕሪ ይግለጽ። ካብ ትዕዝብቱ ነቒሉ ኣብ ሃገረ ታንዛንያ ባህሪ ጋዋታ ንምጥኣል ኣብ ዝግበር መጽናዕቲ ክትሳተፍ ድልየት እንተ'ለዋ ተወኪሱ። ህንጡይነታ ሕጂ'ውን ገሊሑ ደሪኣዩ ነበረ።

ጃን ጉዳል፡ በቲ ሓሳብ ኣይተወላወለትን። ንዝረኸቦቶ ጠለብ ብኢጋኡ እያ ተቐቢላትሉ። ወጥን መጽናዕታ ንምውዳድ ድማ፡ ኣብ 1961 ናብ ሃገረ ታንዛንያ ሰገረት። ንሰለስተ ዓመታት ሃልኪ ዝበሎ ስራሕ ዓመመት። ይኹን'ምበር፡ እቲ መጽናዕቲ በቲ ዝተመደበሉ ግዜ ክዛዘም ዝኽእል ኣይነበረን። ኣብ ግዜኡ ብዓቕማ ዝገበረቶ መጽናዕቲ ግን፡ ጋዋታ ስጋ ሃዲናም ዝምገቡ ዓይነት እንስሳ ምኻኖም ሓበሬታ ኣቕሪባ። ኣብ ንጥፈታት መዓልታዊ ህይወቶም ኣቓጽልቲ ዘለዎ ጨንፈር ገረብ እናቘረጹ ዓሳ ንምግፋፍ ዝሕግዞም ኣቕሓ ብምስራሕ ቀለብ ዝኾኑዎም ዓሳ ይገፉ። ተወሳኺ፡ ከም ፍልሓ ንዘኣመስሉ ደቃቕቲ ለመምታ ብእኩብ ንምሓዝ ከም ዝጥቀሙሉ ኣብ መጽናዕታዊ ወረቐት ኣሰፊራቶ ትርከብ።

ጃን ጉዳል፡ ናብ ምሉእ ዓለም ዝጠመተ ዕዮኣ፡ ኑቶም ኣብ ትሕቲ ደቂ-ሰባት ዝርከቡ ጋዋታ ኩነታት ህይወቶምን ናብራኦምን ንምፍላጥ ሰፊሕ ዝበለ ዑደት ተካይድ ከም ዝነበረት ታሪኽ ይሕብር።

ምንጪ፡ Discovering Science Around You

## ኩርናዕ ካሜራ



# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ህያብ መድረኽ፣ ንጅግና'ዩ

ኣበባ መሓሪ

ጅግና ንረብሓ ሓደ እኩብ ማሕበረሰብ ከም ኮም፡ እንዳ፡ ዓዲ፡ ሃገር ወይ'ውን ኣህጉር ዝውክል ኣገዳሲ ዕዮ ዘበርከተ፡ ንእኩብ ብምውካል ክስዓር ዝግብኦ ንረብሓ ውጹዓት ኣብ ሓደጋ ዘኣቱ ኩነት ብምስዓር ነቲ ዝውክሎ እኩብ ኣብ ራህዋ ዘሰጋገረ፡ ብፍልጠቱን ክእለቱን ንድንቁርናን ድሕረትን ብምስዓር ሓድሽ ኩነት ዝሃነጸ፡ ብሞያኡን ፍልጠቱን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ብምብራኽ ንዘረኽቦ ክእለትን ፍልጠትን ንረብሓ እዞም ዝጠቕስናዮም እኩባት ማሕበረሰብ ብተወፋይነት ዘውዓለ... ወዘተ ክኸውን ይኽእል። ከከም ኣበርክቶኡ ድማ ናይ ኮም፡ እንዳ፡ ዓዲ፡ ሃገር፡ ኣህጉር ጅግና ኮይኑ ብደረጃ ዝገበሮ ኣበርክቶ ብኽብሪ ይዝከር። ስድራቤት'ውና ናይ ገዛእ ርእሳ ጅግና ኣለዋ። ንስድራቤቶም ህይወቶም ዘወፈዩ ንገዛእ ርእሶም በጃ ብምኳን ውልዶም ዝሓሸ ዕድል ንክረኽቡ ብኹልንትንኦም ዝጽዕቱ ወለዲ፡ ቀጠባዊ ኩነታት ስድራቤቶም ብምቕያር ነታ ስድራቤት ናብ ሓድሽ መደርኽ ዘሰጋገሩ ውሉድን ካልኦትን ጅጋኑ ናይ ስድራቤታቶም ካብ ምኳን መን ይዓግቶም።

ብተመሳሳሊ ነፍሲ-ወከፍ ዓውዲ ፍልጠት፡ ነቲ ዓውዲ ካብ ዝነበሮ ናብ ሓድሽ ኣስካላ ብራኽ ዘደየቡ ናይ ገዛእ ርእሱ ጅጋኑ ኣለዉዎ። ከም ብዓል መንደሊቭ ኣብ ዓውዲ ስነ ቕመም፡ ኒውቶንን ኢንስታይንን ኣብ ዓውዲ ፍዚክስ፡ ዳርዊን ኣብ ዓውዲ ስነ-ህይወት፡ ፓይታጎራስ ኣብ ዓውዲ ስነ ቁጽሪ፡ ሄሮዳቶስ ኣብ ስነ ምድሪ፡ ሶቅራጦስ ኣብ ፖለቲካ ...ወዘተ ገለ ካብቶም ኣማኢት ኣሽሓት ንዓለም ካብ ዘመን መጀመርታ ፍጥረት ናብ'ዚ ዘላቶ ደረጃ ምዕባለ ዘሰጋገሩ ጅጋኑ ኮይኖም ብብዓውዶምን ብብዝገበርዎ ደረጃ ኣበርክቶን ወትሩ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ብኽብሪ ሰፊሮም ንረኽቦም።

እቶም ዝያዳ እንፈልጦምን ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ዝጋጥሙናን እቶም ንዓና ከም ሰብ ዝጸልዉና ኮይኖም ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ብደረጃ ሕብረተሰባቶም ዝዝከሩ ጅጋኑ ከም ዘለዉ ድማ ንግንዘብ። ንሕጂ ብዛዕባ ጅጋኑ ንምትራኽ ዘይኮነ ንዝምድናን ኣበርክቶን ሓደ መድረኽ ኣብ ምፍጣር ጅጋኑ ብዝምልከት ምቕሉል ሓሳብ ንምብርካት እየ ነዛ ጽሕፍቲ ከቕርብ ድፍኢት ረኺበ።

ኣብ ናይ ሓምሻይ ክፍሊ መጽሓፍ ብዛዕባ ፍሉይነት ማክሲም ጎርኪ ኣብ ስነ ጽሑፍ ሩስያ ኣብ ዝቐረበ መምሃሪ ጽሑፍ፡ ዘመነ ህይወት ጎርኪ ኣብ ሰውራ ሩስያ ምስ ምንባሩ፡ ብዘይካ'ቲ ዝንባሌኡን ሰብኣዊ ብልሑን፡ እቲ ኣብ ዘመነ ህይወቱ ዝነበረ መድረኽ'ውን ብፍሉይ ነባርን ኣገዳስን ኣበርክቶ ክገብር ብምትብባዕ ኣብ ስነ ጽሑፍ ሩስያ ብፍሉይ ዝዝከር ጅግና ከም ዝገበሮ እቲ ጽሑፍ ይትርኽ።

ሰውራታት ንሕብረተሰባቶም ኣብ ሓድሽ መድረኽ ንምስግጋር ብተወፋይነት ዝሰርሑ፡ በጃ ዝኾኑ ኣማኢት ኣሽሓት ጅጋኑ ኣፍርየን እየን። ሰውራ ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ጸላም መግዛእቲ ናብ ብርሃን ናጽነት ንኸሰጋግሩ፡ ሕሰም ኣብ ዝባኖም ብምጻር ንህዝቦም ኣብ ራህዋ ዘሰጋገሩ ኣማኢት ኣሽሓት ጅጋኑ ኣፍርዩ። በብግዝይኡ ከም ናይ ብዓል ማክሲም ጎርኪ ካብ ሃገሮም ሓሊፎም ብደረጃ ኣህጉር ዝዝረበሎም ዘሎ ሰብ ዝና ንኽኾኑ ድማ ናይ ነፍሲ-ወከፍና ናይ ምጽሓፍን ምልላይን ተራ ይሓትት። ከም ሕብረተሰብ ኤርትራ ግን፡ ዋላ እኳ ኣስማቶም ሓደ ብሓደ ኣይንፍለጦም ምእንቲ ነፍሲ-ወከፍና ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩ ጅጋኑ ሰማእቲ፡ ጅጋኑ ስንኩላን፡ ጅጋኑ ተጋደልቲ፡ ጅጋኑ ዋርሳያት ከም ዘለዉ ብሓበን ንዝክሮን ንኑብሮን ኩነት እዩ። በዚ ድማ እዞም ጅጋኑ መሰረት ሃገራዊ ፍልስፍናታትና፡ ክብሪታትና፡ ሰላምና፡ ራህዋና፡ ሓድነትና፡ ዓያይነትና... ካልእ ጸጽብቑን ኮይኖም ከም ሓዲድ ባቡር ጉዕዞና ከማእዝኑ፡ ከም ዕያር ኮይኖም ሚዛን ሕልናና ከይጎድል ከዘኻኽሩ፡ በዚ ድማ እዛ ሃገር ንመሰናኽላትን ማሕለኻታትን ሰጊራ ሓያል ሃገር ኮይና ንዘልኣለም ክትቅጽል ወትሩ ኣብ ማእከልና ኣለዉ።

ሕጂ'ውን ከም ትማሊ ጅጋኑ ዝሓትት ሓድሽ መድረኽ ኣቲና ኣሎና። ነቲ ትማሊ ብሳላ ጅጋኑ ዝመጽአ ሃገራዊ ረብሓ ብምዕቃብ ብዝልዓለ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ኣብ ምውዓሉ፡ ኣብ ዞባና ተኸሲቱ ኣብ ዘሎ ብጻዕርን ስራሕን ዝተበጽሐ ሓድሽ ኩነት፡ ሃገራዊ ብጽሒትና ንምዕባይ ብፍልጠትን ክእለትን ዓቕምና ብምህናጽ፡ ነዚ ኩነት ቀጻልነቱ ኣብ ምውሓስን ኣብ ምቕላስን ዘበርክቱ ጅጋኑ የድልዩ ኣለዉ።

ዝተጋገየን ይምከርካ ዝውዓለን ይንገርካ እዩ እሞ፡ ብፍላይ መንእሰያት ፍልጠትናን ክእለትናን ንምህናጽ ምምእዛን ዘድልየና እንተ ኾይኑ፡ ዝኾነ ምዕባይና ኣብ ህይወት ዝተዓወተን ዘይተዓወተን ክሕግዘና ዝኽእል ሃብታም ተመኩሮ ከም ዘለዎን ካብ ተመክሮኡ ብዙሕ ጠቓሚ ምህሮ ክንረክብ ከም ንኽእል ኣብ ግምት ምእታው የድሊ። ንጽሑፋት፡ ንኻልኦት ሰነዳት፡ ንምዕባይና ምውካስ ኣይንሕመቕ። ግዜና ጽባሕ ተመሊስና ዘይንረኽቦ ኣዝዩ ክቡር ጸጋ ምኳኑ ኣብ ግምት ብምእታው ብዝልዓለ ንጽዓር። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ግዜና (ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ካልኢት፡ ደቒቕ፡ ሰዓት፡ ዕለት፡ ወርሒ፡ ዓመት፡) ዕድል፡ ፍልጠት፡ ክእለት፡ ሃብቲን ካልእን ኣሎ። ንፈትሾ። በዚ ድማ ንኹሉ ጸጋታትና ብግቡእ ብምምዝማዝ ዝበለጸ ሰባት ንኹን። ኣብ ረብሓ ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ረብሓ ደቂ ሰባትን ድማ ነውዕሎ።

ርሑቕ ከይከድና ተመሃሮ እንተኾንና ግዜናን ጸጋታትናን ብግቡእ ብምውዳብ ዕለታዊ ዕዮና ብግቡእ ብምስላጥን ኩሉ ብምጽዓትን፡ እንተወሓደ ጅጋኑ ናይ እታ ንምሃረላ ክላስ ክንከውን ንሓልንን ንስርሓሉን። ካብኡ ሓሊፍና'ውን ጅጋኑ ናይ ቤት ትምህርትና፡ ጅጋኑ ናይ ዞባና፡ ጅጋኑ ናይ ሃገርና ክንከውን እቲ ቀንዲ ውሳነ ንነፍሲ-ወከፍና እዩ ዝምልከት። እንተ ኣንቂልና ድማ ካብ ዝዕንቅፈና ዘተባብዓና ይበዝሕ። ከመይሲ እቲ ንፋዕ ንገዛእ ርእሱ ንዘሕሾ ኩሉ ይፈትዎ፡ እቲ ሕማቕ ድማ ንገዛእ ርእሱ ንዘኸፍኦ ኩሉ ይጸልእ ይብሃል። ንኽንዕወት መጀመርታ ንኑብስና ንዓወት ክነዳልዋ ይግባእ። ምስ ኩሎም ደቂ ክላስና ማዕረ ምኳና ክንፈልጥ፡ እቲ ዓወት'ውን ንዘኾነ ሰብ ዝተሓዝአ ዘይምኳኑን፡ ንኹሉ ብማዕረ ከም ዝምልከትን ክንሕብራ ይግባእ። ገሌና ተመሃሮ ገና ክላስ ከይጀመርና ኣብ መስከረም እቶም 10 ቀዳሞት መነመን ምኳኖም ንምድቦም ኣሎና። በዚ ድማ እቲ ዓወታት ንኣታቶም ንሓዝኦ፡ ከምዚኣቶም ዝኣመስሉ ኣብ ዝሓለፈ ህይወቶም ዝተዓወቱ ሰባት ብብዝሒ ኣብ ክላስና ምህላዎም ከም ስግኣት ንቐጽሮን ቀልጢፍና ንጀጁን ኣሎና። እቲ ሓቂ ግን ንሱ ኣይኮነን፡ ብዙሓት ዕዉታት ኣብ ክላስና ምህላዎም ንዝያዳ ጻዕርን ስራሕን ብምትብባዕ ክንዮ እዞም ንፉዓት ንብሎም ዘሎና ክንነፍዕ እዩ ከተባብዕና ዝግባእ። በዚ ድማ ካብ ክላስና ጥራይ ዘይኮነ ካብ ቤት ትምህርትና ካብኡ ሓሊፍና'ውን ካብ ዞባናን ሃገርናን ብሉጻት ክንከውን ንኽእል።

ሰራሕተኛታት እንተኾና'ውን ብተመሳሳሊ ዝተዋህበና ዕማም ብግቡእ ብምስልሳል፡ ልዕሊኡ ክነበርክት ክንጽዕርን ድልውነትና ክነርእን ይግባእ። ዝበዝሐ ግዜ እቲ ናቱ ዓሚሙ ዝያዳ ንኽሰርሕ ድልዉነቱ ዘርኣየ ሰራሕተኛ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብሓለፍቱ ክጥመትን ኣብ መሳልል ናይ ትካል ክብርኽን ይርአ። ካብ'ዚ ሓሊፉ'ውን ካብ ተመራሒ ናብ መራሒ ይሰግር'ሞ ሕልሙ ብዝልዓለ ንኸበርክት ድማ ዕድል ይረክብ።

ናይ መድረኽ ዝልዓለ ህያብ ዕግበት እንተኾይኑ፡ እቲ ግዜኡ፡ ጸጋታቱ፡ ኣካላቱ፡ ህይወቱ፡ ክእለቱ፡ ፍልጠቱ፡ ወዘተ ንረብሓን ኣገልግሎትን እቶም ዝፈትዎም ህዝቡን ሃገሩን ብምውፋይ ናይ መድረኽ ሕቶ ብምምላስ ጅግና ዝኾነ፡ ህያብ ናይ እቲ መድረኹ ይሓፍስ! በዚ ድማ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ካብኡ ዝድለ ብተወፋይነት ብምብርካት፡ መድረኻዊ ሕቶ ኣብ ምምላስ እጃሙ ከበርክትን ካብ መድረኻዊ ህያብ ብጽሒቱ ኣብ ምዕባይ ብዝልዓለ ክጽዕትን ወትሩ ክሰርሓሉ ይግባእ።

## ሓሳባት

# ከም መን'የ

ብንያም ኢሳይያስ

## ምፍራሕ ደው ምስ ኣበልካ ጽቡቕ ይስምዓካ።

ኣብ ካልኣይ ደርጃ ብሓንሳብ ዝተምሃሩ፡ ናይ ዳግም ምርኻብ ግብጃ ስለ ዝነበሮም ብሓደ ኣማሰዩ። ሕድሕድ ደሃይ ክትሓተቱን እንታይ ከም ዝሕለፉ ዝያዳ ከዋግዑን ብምባል ቈጸራ ስለ ዝሓዙ ንጽባሒቱ ንምሳሕ ተራኺቡ።

ኣብታ ምውቕቲ ሰንበት ድሕሪ ምሳሕን ዋዛን ናብ ዕቱብ ዕላል ሰገሩ። እታ ኣብ ክፍሎም ኣዝያ ህብብቲ ዝነበረት ሰላም፡ "ህይወት ካብቲ ኣብ ትምህርቲ ከለኹ ዝሓሰባ ዝነበርኩ ተፈልያትኒ። ብዙሕ ነገር ተለዊጥኒ፡" ብምባል ወግዒ ጀመረትሎም።

"ሓቅኺ ኣለኺ፡" ናተናኤል ተደሃየ። ኵሎም ኣብ ናይ ስድራቤቱ ንግዲ ከም ዝሰርሕን ምቹእ ናብራ ከም ዝሕልፍን ስለ ዝፈልጥዎ ብናይ ሰላም ሓሳብ ምስምማዑ ኣዝዩ ኣገረሞም። "ግን ኣስተብሂልክሉዶ? ነገራት ክቕያየር ከሎ ንሕና ክንቕየር ዘይንደሊ ምኳና?" ሕቶን ትዕዝብቱን ዘማእከለ ሓሳባት ወሰኸላ ናትናኤል።

"ለውጢ ስለ ዘፍርሐና ንምልዋጥ ንቃወም ኢና፡" ሮቤል ተዛረበ።

"እዋእ ሮቤል? ኣብ ናይ ኵዕሶ ጋንታ ንስኻ እኳ ኢኻ ሓለቓ ጋንታ ኔርካ። ካባኻ ፍርሒ ትብል ቃል ክትወጽእ ሓሲበ ኣይፈልጥን፡" ጀሚላ ብምግራም ተዛረበት።

ካብ ዕዮ ገዛ ክሳዕ ምምሕዳር ካምፓኒታት ዝበጽሕ ዝተፈላለየ ኣንፈት ህይወት ዘሎዎ ዕዮ ይመርሑ እኳ እንተነበሩ፡ እቲ ዝተመኩርዎ ስምዒት ሓደ ብምኳኑ ኣገረሞም። ነዚ ሓቂ ምስ ኣስተብሃሉ ድማ ብሓባር ክርትም ኢሎም ሰሓቑ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ንብምልኦም ዘይተጸበይዎ ለውጢ ጕኒፉዎም'ዩ። ነዚ ክምክቱ ብዙሕ ነገር ፈቲኖም። ከመይ ጌርካ ትሕዞ ኣብ ዝብል ከምዘይተዓወቱ ዝቕበልዎ ኰውንነት'ዩ።

"ፍርሒ ንለውጢ ምስ በልካ እንታይ ዘኪረ መሰለኩም?" ሚኪኤል ሓሳቡ ክህበ ጀመረ። "ኣብ ስራሕና ዓቢ ለወጢ ጕኒፍና። እንታይ ከም ንገብር ድማ ሕርብት ኢሉና። በዚ ከየስተኻኸልናዮ ከሲርና፡" ድሕሪ ቍሩብ ዕረፍቲ ዘረብኡ ብምቕጻል፡ "እዚ ክብሎኩም ግና ክሳዕ እታ ንኹሉ ነገራት ዝቐየረት ዛንታ ንስምዕ'ዩ።"

"ከመይ ድያ?" ቅልጥፍ ኢሉ ናትናኤል ሓተተ።

"ንለውጢ ብኸመይ ይርእዮ ዝቐየረትኒ ዛንታ'ያ። ካብ ምኽሳር ናብ ምርካብ ከምእ'ውን ከመይ ኢልካ ትዓይይ ኣርእያትኒ። ብድሕር'ዚ ነገራት ኣብ ስርሐይን ህይወተይ ብቕልጡፍ ክምሓየሹ ክኢሎም። ሓቂ ይሓይሽ ኣብ መጀመርታ ክሰምዓ ከለኹ ከምዚ ኣብ ትምህርቲ ንንገሮ ጽውጽዋያት ስለ ዝመሰለትኒ ኣሰልቺያትኒ ነይራ። ለውጢ ከጓንፍ እንታይ ትገብር ምስ ተረዳእኩ ግና፡ ነብሰይ ነዚ ቀሊልን ፍሉጥን ነገር ክትርእዮ ብዘይምኽኣላ'ያ ዝሓፈርኩላ። እቶም ኣብታ ዛንታ ዘለው ኣርባዕተ ጠባያት ንዝተፈላለዩ ገጻት ህይወተይ ዘንጸባርቑ ምኳኖም ምስ ተረዳእኩ፡ ከም መኖም ክኸውን ከም ዘለኒ ወሲነ። ተለዊጠ ድማ። ኣብ ነብሰይ ዝመጽአ ለውጢ ምስ ተዓዘብኩ ንገለ ደቂ ስርሐይ ኣካፊለዮም። ንሳቶም ድማ ናብ ካልእ ኣሰጋጊሮማ። ዝበዝሕና ኣብ ነብስና ብምርዓምና ስራሕና ካብ ናይ ዝሓለፈ ክምሓየሽ ጀሚሩ። ከምቲ ናተይ ድማ ኣብ ህይወቶም ዝተቐየሩ ክዘረቡላ ጀሚሮም። ገለ ሰባት ግና ወለሓንቲ ከም ዘይረኸቡላ ይዛረቡ። ወይ'ውን ኣቐዲሞም ዝፈልጥዎን ከም ዝኑብርዎን ይገልጹ። ገለ ድማ ድሮ ዝፈልጥዎን ግን ከኣ ክማሃርዎ ዘይደልዩ ኰይኖም ትረኽቦም። ሓደ ካብ ላዕለዎት ሓለፍትና ከርዕሞ ምስ ከበደ፡ 'እዚ ብዘይካ መጥፊኢ ግዜ ወለሓንቲ ኣይኰነን፡' ምስ በለና፡ እቶም ድሮ ነቲ ዛንታ ዝፈልጥዎ ሰባት፡ ምስ ሓደ ጠባይ ናይቲ ዛንታ ብምትእስሳር፡ 'እቲ ሓድሽ ክምሃር ዘይደሊ ብፍጹም ኣይቕየርን' ኢሎም ሓጨጨምሉ፡" ሚኪኤል ነዊሕ ስለ ዝተዛረበ ንኽዕርፍ ንኹሎም እናተመልከተ ስቕ በለ።

"እዋእ እንታይ ድያ እታ ዛንታ?" ብህንጡይ መንፈስ ሓተት ሰላም።

"ፋርማጆይ መን ወሲድዎ?" መለሰ ሚኪኤል።

***

'ፋርማጆይ መን ወሲድዎ?' "ናይ ወትሩ ዝበለጸት ናይ ቢዝነስ መጽሓፍ፡" ብምባል ጋዜጣ ደይሊ ቴለግራም ዝሰመየታ ናይ ዶ/ር ስፐንሰር ጆንሰን መጽሓፍ'ያ። እዛ መጽሓፍ ብኣርባዕተ ጠባያት ዝተሃንጸት'ያ። እቶም ክልተ ኣናጹ ክኾኑ ከለው፡እቶም ክልተ ድማ ክንዲ ኣናጹ ቍመት ዘለዎ ሰባት እዮም። ነዞም ኣርባዕተ ጠባያት ዘተኣሳስሮም ናይ ሓባር ሽቶ ኣሎዎም፣ ፋርማጆ። ኣብ ግብ ዝበለ መሸጐራጕር ነዚ ደስታን ጥዕናን ዝህቦም ፋርማጆ ኣብ ምድላይን ምምጋብን ግዜኦም ይሕልፉዎ። ግብ ዝበለ ጸላም ኪዮ ዝፈጥሮ ፍርሒ ዝፈጥረልካ መሰናኽል ኣሎ። መሰናኽል ንገዛእ ርእሱ ጸላም'ዩ። መንገዲ ክትጋገን ኣብ ቅድሜኻ ምስ ዝጸንሓካ ክትላተምን ባህሪያዊ'ዩ። ክንዲ ዝሸገረ ይሸግር ፋርማጆ ክርከብ ኣለዎ። እዞም ጠባይት ድማ እናወደቑን እናተስኡን ይምእርርዎ ነበሩ። ሓሳብ ልቦም ሰሚሩ 'ንወትሩ' ዝኾኑና ዝበልዎ ፋርማጆ ረኸቡ። ንግሆ ንግሆ ናብቲ ቀጽሪ ምኻድ ጥራይ ኩነ ዕዮኦም። ዓወት ግዲ ይዕሸውካ ኰይኑ፡ እቲ ዝነበሮም መንፈስን ናይ ዕዮ ባህልን ኣጥፍእዎ። ግን ከምቲ ኵሉ ዘውዳእ፡ እቲ ፋርማጆ'ውን ተወድአ። እዞም ጠባይት "ፋርማጆይ መን ወሲድዎ?" ብምባል ምስ ኑብሶምን ኣብ ሕድሕዶምን ምጉት ጸመዱ። "ስለምንታይ ንዓና እዚ የጋጥመና?" ኣማረሩ። ሓደ ካብቶም ኣናጹ ነቲ ኹነታት ቀልጢፉ ኣንበቦ። ወሳዲኡ ዘይተፈልጠ ዝተወደአ ፋርማጆ ካብ ምጽባይ ሓድሽ ምድላይ ይሓይሽ በለ። እቲ ቀልጢፍካ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ኣመል ዘለዎ ኣንጭዋ ጉዕዞ ፈለመ። ተታሒዞም ነቲ ሓድሽ ብድሆ ጀመርዎ።

ካብቶም ሰባት እቲ ሓደ እቲ ኵነታት እኳ እንተተረደኦ፡ ስጉምቲ ከይወስድ ፍርሒ ዓትዒቱ ሓዞ። እቲ ሓደ ግን ነቲ ኵነታት ክቕበል ኣይመረጸን። ግዚኡ ኣብ ምምራርን "እዚ ስለምንታይ ንዓና ይወርደና" ኣብ ምባል ይሕልፎ ነበረ። እቲ ነቲ ኹነታት ዝተረደአ ንኺድ ክብሎ ከሎ፡ "ደጊም ኣሪገ'የ፡ እቲ መሸጐራጕር ድማ ኣዝዩ ጸለም'ዩ፡" እናበለ ፈሪሑ የፍርሖ ነበረ። ጥምየት እናጥቀዮም ምስ ከደ እቲ ሓደ ወሰነ፡ ንሓድሽ ጉዕዞን ሓድሽ ብድሆን።

"ኣረጊት እምነትካ ናብ ሓድሽ መንገዲ ኣይመርሑኻን'የም፡" ብምባል ብሓድሽ መንፈስ ጉዕዞ ተተሓሓዞ። እቲ ግን ካብ ፍርሕን ምዒንን ፈልኪቱ ኣይበለን። ክንደይ ሓጉጽጉጽን ጥምየትን ሰጊሩ። እቶም ኣናጹ ዝረኸብዎ ፋርማጆ ረኸበ። ቍሩብ ፋርማጆ ኣብ ጁባኡ ብምምላእ፡ ናብቲ ዘይረስዖ ብጻዩ ተመልሰ። ብስራት ሓድሽ ፋርማጆ ሒዝሉ እኳ እንተመጽአ፡ ብጻዩ ምስ ረኣየ ግን ሰንበደ። ካብታ ዝገደፎ ከይተንቀሳቀሰ ብጥሜት ልዕሊ ዕድሚኡ መሲሉ ጸንሖ።

***


ኣነኸ ከመኖም'የ? ድሕሪ ንባብ ንነብሰይ ዘቕረብኩላ ሕቶ'ዩ። ንለውጢ ቀልጢፉ ዘለለየ? ኣብ ዘለለዮ ለውጢ ስጉምቲ ዝወሰደ? ብፍርሒ ዶንጊዩ ዝብገሰ? ብፍጹም ክልወጥ ዘይደልን ዝፈርሕን?

# ወዘተረፈ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

## ደራሲ ክትከውን ትኽእልዶ?

እቶም ሰብ ገፍ ዘይኰንና ጸሓፍቲ፡ ሓደሓደ እዋን "ብሓቂ ናይ ድርሰት ተውህቦ ኣሎኒ ድዩ?" ኢልና ንገዛእ-ነብስና ንሓትት ኢና። እዚ ሕቶ እዚ እንሓንሳብ፡ ቅሉዕ መልሲ ክንረኽበሉ ከሎና፡ እንሓንሳብ ግን ብጋጉይ መልሲ ክንደምደሞ ንኽእል ኢና። ልዕሊ ኩሉ ድማ፡



ልዕሊ መጠን ኣኽቢድና ክንርእዮ ከሎና፡ ከም ዘይብጽሕ ዓቕሙ ኩይኑ ይስመዓና። "ናይ ብሓቂ ጸሓፋይ ድየ. . . ወይስ ንነብሰይ እየ ዘዕሹ ዘሎኹ?" ንዝብል ሕቶ ብኣጋ ውዱእ መልሲ እንተ ዘይረኺብናሉ፡ መዋእልና ኣብ ምእላሽ ክሕልፍ ንኽእል ኢና።

ብዘይእኹል ሚዛን 'ደራሲ እየ! ወይ ኣይኮንኩን!' ዝብል መደምደምታ፡ ናብ ግጉይ ግምት ክወስደና ተኽእሎ ካብ ሃለወ፡ ምስ ገዛእ-ነብስና ብዕምቆት ክንመያየጥ ይግበኣና። ብዓበኡ ድማ፡ ካብ ክውንነት ወጻኢ ኣዕቢና ወይ ኣንኢስና ክይንርእዮ መታን፡ ሚዛናዊ ኣተሓሳስባ ክሕድሕር ዝበለጸ እዩ። "ኣነ ንፋዕ ጸሓፋይ እየ፡ ስለዚ መጽሓፍ ምድላው ቀሊል ክኸውነለይ እዩ" ዝብል እምነት እንተ ኣሕዲርና፡ ግጉይ ግምት ክኸውን ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። "እንተ ጽሒፈ ዝጠቅም ኣይክኸውንን እዩ፡ ወይ እውን ዝጸሓፍኩዎ ኖቨል ሰብ ኣይፈተውለይን። ስለዚ ደራሲ ክኸውን ኣይክእልን እየ. . . " እዚ እውን ናይ ግድን ሓቂ ክኸውን ኣይክእልን። ሓደ ክደርስ ዝደሊ ሰብ ክጕብሮ ዝግባእ ነገር እንተ ሃልዩ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ሓሳብ ደዩ ዛንታ፡ ብናይ ገዛእ-ርእሱ ኣበሃህላ ኣብ ወረቐት ምስፋር ጥራይ እዩ። ኣብ ቅዲ ይኹን ኣበሃህላ፡ ካብ ጽልዋ ናይ ዘንበቦም መጻሕፍቲ ወይ ዝፈልጦም ደረስቲ ሓራ ክኸውን ይግባእ። ንብሱ ኣብ ሓጺር ኣእትዩ ክጽሕፍ እንተ ፈቲኑ፡ ንዕኡ ጻዕሪ ኣብ ወጽኢት ድማ ከንቱ ክኸውን ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

'ተውህቦ ኣሎኒዶ የብለይን' ዝብል ምጥርጣር፡ ብሕልፊ ንጀመርቲ ጸሓፍቲ ብኣጋ መልሲ ዘይርከቦ ሕቶ እዩ። ክሳብ ምጥፋእ ነብሱ-እምነት ከብጽሕ እውን ይኽእል። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ተውህቦ ከም ዘይብሉ ዝኣመነ ሰብ፡ ዳግም ምስ ብርዕን ጥራዝን ክራኸብ ኣይሓስብን። ንፋዕ ደራሲ ክኸውን ዝኽእል እንተ ነይሩ፡ ብሰንኪ ዘይሚዛናዊ መደምደምታ፡ ሓደ ንፋዕ ደራሲ ተኸሲሩ ተሪፉ ማለት እዩ። እዚ ማለት ባዕሉ ኣብ ዝሰርሖ ቤት-ማእሰርቲ ከም ዝተሓየረ እዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ እንክረኣ፡ ንድርሰት ከም ኣመና ቀሊል ገይርካ ምውሳድ፡ ማለት ሕሉፍ ርእሱ-እምነት ምሕዳር፡ ናብ ውድቀት ከምርሕ ይኽእል እዩ። እቲ መጽሓፍ ምድላው ቀሊል ምኳኑ ዝኣምን ሰብ፡ ምናልባት ኣጉዳሲ ኣምር ናይ ኣጸሓሕፋ ዘይፈለጠ'ሞ፡ ኩሉ ዝጸሓፎ ጽቡቕ ኩይኑ ዝስመዖ፡ ወይ ድማ ድርሰት ዘይፈትን ክኸውን ይኽእል። ኣብ ግብሪ ክውዕሎ ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን፡ ትጸቢቱን ክውንነትን በበይናም ኩይናም ምስ ጸንሑዎ፡ ተስፋ ንኽቖርጽ ኣብ ቀረባ እዩ።

ጸሓፋይ ክኸውን ዝተበገሰ ሰብ እምበኣር፡ ብቑዳምነት ኣብ ገዛእ-ርእሱ ሚዛናዊ ኣተሓሳስባ ክሕድር ከም ዘለዎ እዩ ክንገንዘብ ዘለና። ብስምዒት ተመሪሑ ኣብ ውሳነ እንተ በጺሑ፡ ትጽቢቱን ክውንነትን ኣብ ክልተ ጫፋት ምስ ኩኑዎ፡ ዝበኣሰ ተስፋ ኣልቦ ናይ ምኳን ዕድል እዩ ዘለዎ። ድርሰት - ጻዕሪ፡ ትዕግስትን ፍልጠትን ከም ዘድልዮ ምእማን ከኣ፡ ንኹሉ ሓደጋታት ክቃልሎ ይኽእል።

### ዛንታ ወቕትታት ሂወት

ሓደ ኣርባዕተ ወሉድ ዝነበሩዎ ሰብኣይ ነበረ። እዚ ሰብኣይ ንደቁ ንነገራት ብታህዋኽ ንኸይፈርዱ ክምህሮም ደለየ። ሓደ ልኡኽ ከኣ ሃቦም። ኩላቶም ናይ ሓደ ኣብ ርሑቕ ቦታ ዝነበረ ገረብ ርእዮም ንኽምለሱ እዩ ልኢኹዎም።

እዞም ደቂ ናብ'ቲ ዝተላእኩዎ ቦታት በበይናምን ኣብ ዝተፈላለየ እዋንን እዮም ከይዶም። እቲ በኹሪ ኣብ ግዜ ሓጋይ፡ ክኸይድ ከሎ፡ ምንኣሱ ኣብ እዋን ጽድያ፡ ምዕባይ ሕሰስ ልደ ኣብ ክረምቲ፡ ሕሰስ ልደ ኸኣ ኣብ ግዜ ፍርያት ናይቲ ገረብ።

ኩላቶም ኣብ አእዋናም፡ በጺሖም ምስ ተመልሱ ከኣ እንታይ ከም ዝረኣዩ ሓተቶም።

እቲ በኹሪ "እቲ ገረብ ባህ ዝብል ኣይኮነን። ጎባጦን ሻሕኳርን ገረብ እዩ" ክብል ትዕዝብቱ ነገረ። ምንኣስ በኾሪ ኸኣ፡ "እቲ ገረብ ብቐጠልያ ተሸፊኑ፡ ብዙሕ ተስፋ ዝህብ እኳም ሓዚሉ እዩ ጸኒሑኒ" በለ። ምዕባይ ሕሰስ ልደ፡ በቲ ክልተኦም ኣሕዋቱ ዝበሉዎ ኣይተሰማምዐን። "እቲ ገረብ፡ ንፍረ ዝኾኑ ዕምባባታት ተጻዒኑ፡ ተፈታዊን ሃገግ ዝብልን ሽታ ወኒኑ፡ ኣመና ጸቢቑ እዩ ዘሎ" ብምባል፡ ቅድመኡ ርእዮም ዘይፈልጥ ጽባቐ ከም ዝረኣየ ኣዘንተወ።

እቲ ሕሰስ ልደ፡ ምስ ትዕዝብቲ ኩላቶም ኣይተሰማምዐን። "እቲ ገረብ ፍረ ሓዞምዞም ኣቢሉ፡ ጽቡቕ ገይሩ በሲሉ፡ ገሊኡ ባዕሉ ናብ ምድሪ እናወደቐ እዩ ጸኒሑኒ። ህይወት ናይ'ቲ ገረብ ጽቡቕን ኣዕጋቢን እዩ" በለ።

እቲ ሰብኣይ እምበኣር፡ ንኹላቶም ደቁ ቅኑዓት ምዃኖም ብምንጋር፡ ኩላቶም ግን ኣብ በበይኑ ወቕቲ ከም ዝረኣዩዎ ኣዘኻኸሮም። "ንሓደ ገረብ ወይ ከኣ ሰብ፡ ኣብ ሓደ ወቕቲ ጥራይ ክትፈርዱዎ የብልኩምን። ናይ ብሓቂ መንነቶም፡ ማለት ደስታኦም፡ ቃንዛኦም. . . ኣብ መወዳእታ ጥራይ እዩ ዝዕቀን። እዚ ማለት ኩላቶም ወቕትታት ምስ ሓለፉ። ስለዚ፡ ኣብ ግዜ ሓጋይ ኢድካ እንተ ሂብካ፡ ተስፋ ናይ ጽድያ፡ ጽባቐ ናይ ክረምቲ፡ ኣዕጋብነት ናይ ቀውዒ ትኸስር። ንሂወት ኣብ ሓደ ከቢድ ወቕቲ ኣይትምዝኑዎ" ክብል ብኣብነት ኣረድኦም።

## ምድናቕ ካብ ኣተኵሮን ንጽህናን እዩ ዝነቅል





ገለና፡ ዋላ'ውን ኣደነቕቲ ነገራት ኣብ ቅድመና እናሃለዉ፡ ብዙሕ ኣድነቕቲ ኣይኮንናን። እንተ ኾነ ግን፡ ካብ ምድናቕ ርሒቃ እትነብር ሂወት፡ ደረቕ ሂወት ጥራይ ኢያ። "ንምንታይ ገለ ሰብ ብዝተፈላለዩ ክስተታትን ነገራትን እናተደነቐ ይነብር? ንምንታይከ ገለ ሰብ ኣድናቒ ዘይከውን?" ኢልናኸ ንሓትትዶ? ብሓቂ እቶም ብቐንዕና እነድንቖ፡ ኣተኩርትን ንጹሃትን ኢና። እቶም ዘይነድንቖ ከኣ፡ ንነገራት ብኣተኩሮ ናይ ምፍታሽ ትህኪት ዘለና፡ ወይ ድማ ነብሱምትሓት ዝሰመዓና ኢና።

ዝኾነ ይኹን ነገር ወይ ክስተት፡ ብዙሕ ሸነኻት እዩ ዘለዎ። ብኣተኩሮ እንተ ፈቲሽናዮ፡ ክንጽ'ቲ ብኣዕሊ ዝረኣናዮ ካልእ ትንግርቲ ዝሓቖፈ ኩይኑ ክጸንሓና ይኽእል። ንኣብነት'ኳ ጻጸ ክንቀሳቐስ እንተ ርኢና፡ ጻጸ ማለት ደቂቕ ፍጥረት ምዃኑ ጥራይ ርኢና ክንሰግሮ ንኽእል ኢና። ንጥባዐን ጻዕርን ጻጸ ኣይነድህበሉን። ብኣተኩሮ፡ ንምንታይ ይንቀሳቐስ፡ እንታይ ሒዙ፡ ንምንታይ ዝኸውን ብኸመይ ብሓደ መስመር ይጕዓዝ፡ ኣብ ሓድሕድ ምትሕግጋዝ ዘለዎ ጥበብ. . . እናበልና ብዕምቆት እንተ ደኣ ክንዝምርምሮ ፈቲንና ግን ብዙሕ ዘገርመና ነገራት ክንረኽብ ንኽእል ኢና። ስለ ዝኾነ እዩ ድማ፡ ክንጽ'ቲ ብቐሊሉ ዝረኣ ገጽ ሰጊሩ ብኣተኩሮ ዝፍትሽ ሰብ፡ እናተደነቐ ከም ዝነብር ዝግለጽ። ኩሉ ነገር ብኸመይ ተሰሪሑን ብኸመይ ይሰርሕን እንተ ተፈቲሹ፡ ዘየድንቕ ነገር የለን።

ንነገራት ብዕምቈት እንተ ጠሚትናዮም ኣደናቒ ገጽታ ኣለዎም። እንተ ንሕማቕ እንተ ንኸፉእ፡ ክልተ ተቓናቓንቲ ወገናት ክዋግኡ ከለው፡ ማዕከናት ዜና ዓለም፡ ብጠዕባ ዝሞቱ ሰባትን ዝዓነወ ንብረትን ጥራይ እየን ዝዘርባ። ንሕና እውን ከም ዜና ጥራይ ወሲድና፡ ዝርዝር ምውታት፡ ውጉኣትን ተመን ዝዓነወ ንዋይን ንጽብጽብ። ውግእ ብብዙሕ ገጹ እንተ ጠሚትናዮ ግን፡ ክንጽ'ቲ ዘስዕቦ ንዋታዊን ኣካላዊን ዕንወት፡ ናብ ስነ-ኣእምሮ ዝጥሕል ሳዕቤን ኣለዎ። ወዲ-ሰብ ኑቲ ኣብ ነብሱ ክወርድ ዘይደልዮ ፍጻመ ኣብ ካልኦት ንኸውርድ ዝህንደደሉ ምኽንያት እንተ ቆቒልናዮ፡ ካዕቦ ዘገርም ነገራት ኣለዎ። 'ኣብ'ታ ናይ መወዳእታ ናይ ሞት ሰዓት፡ ኩነት ህላወ ግዳያት ዓመጽትን ከመይ ነይሩ ይኸውን?' ኢልና እንተ ሓሲብና ጥራይ'ኳ፡ ራዕዲ፡ ቃንዛ፡ ተስፋ፡ ትጽቢት፡ ሕልሚ፡ ጭካነ፡ ተስፋ ምቑራጽ. . . ክነንብብ ንኽእል ኢና። ወዲ-ሰብ ስለምንታይ ንሓድሕዱ ከም ዝቃተል ክንፍልፍል እንተ ፈቲንና፡ ትብዓት፡ ስስዐ፡ ክብሪ፡ ድንቁርና፡ ጭካነ. . . እንታይ ከም ዝመስሉ ክንርእዮም ንኽእል ኢና። እንተ ኾነ ግን፡ መብዛሕትና ሰባት፡ ንኣፈጣጥራ ገዛእ-ርእስና እውን ነድንቕ ኣይኮንናን። እስከ እዚ ከም ሓጺን ተሪር ክፋሊ ዘይብሉ ኣካላትና ኑቲ ኩሉ ዕማም በየናይ ጥበብ የሰላስሎ ኢልና ንሕሰብ፡ እቲ ዝተሓላለኸ መትናዊ ስርዓትና ብኸመይ ይሰርሕ? ሓንጎልና - እዚ ፈሳሲ ሓንጎል፡ በየናይ ሓይሊ እዩ ንምሉእ ኣካላትና ዘእዝዝ? ካብ ኩቡዲ ወላዲት ምስ ወጻእና፡ ክንጠቡ ከም ዘለና ብኸመይ ንገንዘብ? እዚ ልዕሊ ዓቕሚ ፍጡራት ዝኾነ ትንግርቲ፡ ዝያዳ ኩሉ ዘገርም ክነሱ፡ ገለና ሓሲብናዮ እውን ኣይንፈልጥን። ኣብ ነገራት ብኣተኩሮ ናይ ምፍታሽ ሸውሃት እንተ ዘይሃልዩና፡ ኣገረምቲ ነገራት ምሳና ኣብ ጥቓና ከለው፡ ንሂወትና ካብ ኣድናቖት ኣርሒቕና ነድርቓ።

ቤት፡ ናይ ወዲ ሰብ መንበሪ ጥራይ ገይርና ስለ እንሓስቦ፡ ካልእ ሸነኻቱ ግልጽ ኣይንብሎን። ብኹሉ መዳያቱ እንተ መርሚርናዮ ግን፡ ንወዲ ሰብ ቤቱ ጽላሉ ጥራይ ኣይኮነን። ፍረ ስነ-ኣእምሮኡ ዝኸብዘሉ፡ ሓቀኛ እንታይነቱ ዝዝውደሉ፡ ተሓቢኡ ውዲት ዝኣልመሉ ወይ ሰናይ ዝውጥነሉ፡ ሕንክቱ ዝቕበረሉ፡ ኣብ'ታ ካልኣይቲ ማህጸን ዝዕቆበሉ. . . ኣብ ውሽጢ ቤት ብዙሕ ዘገርሙ ነገራት ኣይሰኣኑን።

ምድናቕ ናይ ኣእምሮ ቀሊብ እዩ። ምንጪ ናይ ኩሉ ፈጠራ ብነገራት ወይ ፍጻመታት ምድናቕ ምዃኑ እውን ይእመን። ንእግሪ መንገድና እንርእዮ ተኽሊ፡ ብኣድህቦ እንተ ዳህሲስናዮ ኣደናቒ ኣፈጣጥራ ወይ ኣነባብራ ኣለዎ። እታ ዓይነ ስውርትን ጸማምን ሄለን ከለር፡ ንኣቓጽልቲ ብኣእዳዋ እናዳህሰሰት ብኣተኣላልማኦም ከም እትምሰጥ ኢያ ተዕልል። "ንኣገናድ ብኣእዳወይ ክድህሰሶም ከለኹ፡ ናይ ኣዕዋፍ ናይ ባህታ ጫቕጫቕታ ንመትንታተይ ከም ጥዑም መዚቃ እዩ ዘሰራስሮም" እውን ትብል። ብዙሓት ካብና፡ ኣዒንትን ኣእዛንን እንከለና ንነገራት ኣይንፍትሾምን - ኣይንምስጠሎምን እውን።

ምድናቕ፡ ንጽህና/ቕንዕና እውን ይጠልብ እዩ። ብልክዕ ዝመሰጠካ ነገር፡ ብዘይቃልዓለም ወይ ነብሱ-ምትሓት ክትድነቐሉ ከለኻ እዩ እቲ ተምሳጥ። ብሕልፊ ንስባት ወይ ስራሓት ብልክዕ ኣድናቖትካ ምግላጽ፡ ቕንዕናን ርእሱ-እምነትን እዩ። ንገዛእ-ርእሱ ዘየድንቕ ወይ ዘየፍቅር ሰብ፡ ንኻልኦት ኣብ ምድናቕ ጎራሕ እዩ ዝኸውን። ንሰባት እንተ ደኣ ኣድኒቖምም፡ ልዕሊኡ ዝሓቕሎም ስለ ዝመስሎ፡ ኣብ ክንዲ ምድናቕ፡ ኣበራት ናብ ምእራይ እዩ ዘድህብ። ብጸርህና ወይ ቅንዕና ዘየድንቕ ሰብ፡ ኑቲ ብጎቦሪ ክረኽቦ ዘይክኣለ ኣድናቖት፡ ንኻልኦት ሰባት ብመልሓሱ ናብ ትሕተኡ ብምምላስ ክረኽቦ ስለ ዝህቅን እዩ። እዚ ድማ ባህሪ ናይ'ቲ ብነብሱ-ምትሓት ዝሳቐ ሰብ እዩ። እዞም ከም'ዚኦቶም ዝኣመሰሉ ሰባት፡ "እከለ ሰሪሑዎ ዘሎ ርኢኻዮዶ ክጽብቐ. . .!" እንተ ደኣ ኢልካዮም፡ ዋላ'ውን ንዓኦም እውን እናኣደነቖም፡ ንጉዳም ከውጽእዎ ኣይደልዩን። ኩሉ ዝህቡኻ መልስታት ከኣ ኑቲ ተደናቒ ዘንቋሽሽ እዩ። "ክላእ! ደይ'ሞ ከም'ዚ እዩ፡ እዚ ደኣ ኣየናይ ከቢድ ነገር ቆጺርካዮ ኢኻ፡ ቀዲሒ ቀዲሒ እምበር ናቱዶ መሲሉካ. . ." ካብ'ዚኦቶም ወጻኢ መልሲ ኣይህቡን። ከም'ዚ ዝበለ ሰብ፡ ካብ ከድንቖን ሓድሽ ነገር ክፈጥርን፡ ንገዛእ ሕማሙ ዘሳስየሉ ግዜ ይበዝሖ። ዋላ ሓንቲ ክፈጥር ኣይክእልን። ምኽንያቱ ፈጠራ፡ ካብ ኣተኩሮን ኣድናቖትን ስለ ዝውለድ።

ኣብ ዓለምና ተሰሪሖም ዘለዉ ዓበይቲ ነገራት፡ ካብ ትኹረትን ኣድናቖትን ዝተበገሱ እዮም። ንነገራት ብዕምቆት ምፍታሽ፡ ናብ ኣድናቖት ይወስድ። ኣድናቖት ድማ ናብ ፈጠራ። ብሓቂ ኣዕሚቕና እንተ ሓሲብናሉ'ሞ፡ ኣብ ቀረባናን ርሑቕን ዘለዉ ነገራት፡ ኣደናቒ ሸነኽ ኣለዎም። ከም'ኡ'ውን ኩላትና ኻትና ኣደናቒ ሸነኽ ኣለና። እዚ ክንፈልጦ እንኽእል ግን፡ ብቐንዕና እነድንቕ ምስ እንኸውን ጥራይ እዩ። ስለ'ዚ ንነገራትን ክስተታትን ብኣተኩሮ ንጠምቶም፡ ብብዙሕ ሸነኻት ንፈትሾም፡ ኣብኦቶም ዘሎ ትንግርትታት ንምስጠሉን ንድነቐሉን።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኣትለት ናዝሬት ወልዱ ሃገራዊ ክብረወን ማራቶን ጨቢጣ!



ኣትለት ናዝሬት ወልዱ ብሰንበት 11 ሕዳር 2018 ኣብ በይሩት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን ካልኣይ ደረጃ ብምሓዝ ሃገራዊ ክብረወሰን ማራቶን ሐዚ። ሓንቲ ካብ ምኩራት ኤርትራውያን ኣትሌታት ዝኾነት ናዝሬት፡ ኣብዚ ውድድር ን42 ኪሎሜተር ብ2 ሰዓት 29 ደቒቕን 48 ካልኢትን ብምዛዛማ'ያ ሃገራዊ ክብረወሰን ማራቶን ክትጭብጦ ክኢላ ዘላ። ኣትለት ናዝሬት ወልዱ ኣብዚ ቀረባ ግዜ'ያ ናብ ውድድር ማራቶን ሰጊራ። ኹኖ ኣብ ካልኣይ ናይ ማራቶን ውድድራ ሃገራዊ ክብረወሰን ክትሕዝ ምኽኣላ ኸኣ ኣብ ነዊሕ ርሕቀት ዝለዋ ብሩህ መጻኢ ዘርእይ'ዩ። ኣትለት ናዝሬት ወልዱ ብዘይካ'ዚ፡ ንውድድር ማራቶን ብትሕቲ ክልተ ሰዓትን 30 ደቒቕን ዝወደኣት ናይ መጀመርያ ኤርትራዊት ኣትለት ክትከውን በቒዓ'ላ። ሃገራዊ ክብረ ወሰን ማራቶን ብኣትለት ኮኾብ ተስፋጋብር'ዩ ብ2 ሰዓት 31 ደቒቕን 45 ካልኢትን ተታሒዙ ጸኒሑ። ናይዚ ዓመት ሃገራዊ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ቀዳማይ ሓደት ሳምንታት ዝዓወተትሉ ኣትለት ናዝሬት ወልዱ፡ ኣቐዲማ'ውን ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ክብረወሰናት ዝጨበጠት ብርቂ ኣትለት'ያ።

ብማሰረት መለክዒ ውድድር ማሕበር ኣትሌቲክስ ዓለም (ፕላቲኒየም፡ ወርቂ፡ ብሩርን ነሓስን) ኣትለት ናዝሬት ወልዱ ዝመጸእ ኣርባዕተ ታሕሳስ ኣብ ዝወጽእ ዝርዝር መለክዒ ኣትሌታት ዓለም ናይ ወርቂ ደረጃ ክትረክብ ተኽእሎ'ለ። በዚ ኸኣ እዛ ኤርትራዊት ኣትለት ካብ 2019 ጀሚራ ኣብ ዓበይቲ ውድድራት ማራቶን ዓለም ክትሳተፍ ተስፋ ኣለዋ። ብዘይካ'ዚ ኣትለት ናዝሬት ወልዱ በዚ ሰንበት ዘመዝገበቶ ግዜ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ከተማ ዶሓ ቀጠር ኣብ ዝኽየድ ቻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ማልያ ሃገራ ወድያ ክትሳተፍ ምኽና ኣረጋጊጸ ኣሎ።

እዚ ኣትለት ናዝሬት ወልዱ ሃገራዊ ክብረወሰን ማራቶን ዝጨበጠትሉ ውድድር፡ ካብ 2003 ጀሚሩ ዓመታዊ ዝቖደ ኮይኑ፡ ብደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብርክት ዝበሉ ዓበይቲ ኣትሌታት ክሰሕብ ጸኒሑ እዩ። ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ውድድር ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ካብ 49 ሃገራት ዝመጻ ኣሰታት ሽደሽተ ሸሕ ኣትሌታት ክሳተፋ እንክለዋ፡ ከም ኢትዮጵያውያን መዲና ደመን ስለማዊት ጌትነትን ኬንያዊት ኢደናህ መኩዋና ሉቴናዊት ራዛን ከም'ኡ'ውን በላሩስያዊት ስቪያትላና ኩደዘሊችን ዝኣመሰለ ስሙያት ኣትሌታት ድልዉነተን ኣረጋጊጸን ብምንባረን ካብ መሪለምትኡ በዲ ክኸውን ትጸበት ተብሂሉ እዩ።

ኢትዮጵያዊት ኣትለት መዲና ደመ ኣርሚና ድማ ንዝተመደበ ርሕቀት ብ2 ሰዓት፡ 29 ደቒቕን 31 ካልኢትን ብምዝዛም ተዓዊቲት ኮይና። ሓያል ተወዳዳሪት ዝጸበረቶት ኤርትራዊት ናዝሬት ወልዱ፡ ካብዛ ዕውትቲ 17 ካልኢት ጥራይ ድሒራ ብ2 ሰዓት 29 ደቒቕን 48 ካልኢትን ካልኣይ ደረጃ ክትሕዝ እንከሎ ካልእ ኢትዮጵያዊት ስለማዊት ጌትነት ድማ ብ2 ሰዓት፡ 31 ደቒቕን 42 ካልኢትን ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኦሎምፒካዊ ኣትለት ኣሮን ክፍለ ኣብ ሰሜን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ጉያ መርር፡ ብሉጽ ብቕዓት ብምርኣይ ካልኣይ ደረጃ ሐዘ። ኣትለት ኣሮን ክፍለ ኣብዚ ውድድር ምስቲ ቀዳማይ ኮይኑ ኑ ውድድር ዝዓወተሉ ኡጋንዳዊ ያቆብ ኪብሊም ንመወዳደርቱ ብምርሕራሕ ዘርኣዮ ጸወታ፡ ካብ ኣዳለውቲ ናይቲ ለሚ ዓመት ንመበል 15 ግዜኡ ዝተኻየደ ውድድር፡ ዓቢ ኣድናቖት ክትርፍ ክኢሉ'ሎ። ኣሮን ኑ ትሸዓተ ኪሎሜተር ዝሸፍን ዝበረ ውድድር፡ ካብቲ ኑ ውድድር ዝዓወተሉ ኡጋንዳዊ ብ13 ካልኢት ጥራይ ብምድንጓይ ብ25 ደቒቕን 23 ካልኢትን'ዩ ውድድሩ ዛዚሙ። ኣብዚ ውድድር ካልእ ምኩር ኦሎምፒካዊ ኣትለት ተኽለማርያም መድሕን ታሸዓይ ተርታ ብምሓዝ ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ብሉጻት ኣትሌታት ኮይኑ ውድድሩ ፈጺሙ'ሎ።

## ፍሊጶስን ዳናይትን ዕዉታት ካልኣይ መድረኽ ኮይኖም



ንመዳለዊ እቲ ኤርትራ ካብ 21 ክሳብ 25 ሕዳር 2018 ኣብ ኣስመራ ተኣንግዶ ዋንጫ ኣፍሪቃ ዝተሰምየ ፈላሚ ውድድር ተባሂሉ ብፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ዝተሰርዐ ውድድር ብሰንበት 11 ሕዳር ካልኣይ መደረኹ ኣካዪዱ።

ኣብዚ ኣብ ጎደና ኣፍዓበት ከባቢ እንዳ ማርያም ዝተኻየደ ውድድር፡ ክለብ ኤሪ-ቴል ተቐዳደምታ ናብ ቻይና ገይሾም ብምህላዎም ብጎደሎ ተቐዳደምቲ'ያ ናብቲ ውድድር ኣትያ። ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን 112 ኪሎሜተር ንምሽፋን ሰዓት 10፡ 50 እዮም ውድድሮም ፈሊሞም። ገና ጸወታ 16.8 ኪሎሜተር ምስ ተላዕሎ ኸኣ ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ ተሰፍም ዕቑባማርያም፡ ናታን መድሃኔ (ኣሰቤኮ) ኖቤል ሚኪኤል (ሰምበል) ከም'ኡ`ውን ሃብቶም ሓድሽ (ደንደን) ዝርከቡዎም ሽውዓተ ተቐዳደምቲ ካብ ዓባይ ጉጅለ መለቑ። ኣብ መንጎ'ዘን ጉጅለታት ዝነበረ ናይ ግዜ ፍልልይ ናብ 40 ካልኢት ብምዕራጉ ኸኣ ዝበዝሑ ተቐዳደምቲ ሓቑፋ ዝነበረት ዓባይ ጉጅለ ክትቀስን ኣይከኣለትን። ድሕሪ ናይ 14 ኪሎሜተር ሓያል ምርብራብ ከኣ ናብ ሕቑፊኣ ኣእተውቶም። ዋላ'ኳ ነዛ ጉጅለ ቀልጢፋ እንተርከበታ፡ ኣብ ዝቐጸለ ጉዕዞኣ ግን ረጊኣ ክትከይድ ኣይከኣለትን። ድሕሪ ናይ ኣስታት 79 ኪሎሜተር ጉዕዞ ድማ፡ ዳኒኤል ሃብተሚካኤል (ኤሪቴል) ፍሊጶስ ክብረኣብ (ሰምበል) የውሃንስ ወልደሩፋኤል (ኣሰቤኮ) ዕዉት ናይ ምምላቑ ፈተነ ኣካየዱ። ምኻድ ናይዞም ተቐዳደምቲ ክሳብ ፍጻመ ክበጽሕ ከም ዝኽእል ዝተረድኡ ምኩር ተቐዳዳማይ ኣሮን ደብረጽዮንን ቶማስ ጎይተኦምን ካብ ኣሰቤኮ፡ ፊልሞን መብራህቱ ካብ ደንደን፡ መትከል ምስጉን ከኣ ካብ ኤሪቴል ድሕሪ ኣስታት ሸውዓተ ኪሎሜተር ነዛ ቀዳመይቲ ጉጅለ ንምርካብ ንበይኖም ተመርቀፉ። ጸወታ ኸኣ መቐረቱ ዛየደ። ኣብቲ ውድድር ጽቡቕ ምንቅስቓስ ክንጸባርቕ ዝወዓለ ተቐዳዳማይ ክለብ ኤሪቴል ሲራክ ተሰፍም ተመሳሳሊ ሰጉምቲ ክወስድ'ኳ እንተፈተነ፡ ዓባይ ጉጅለ ግን ክትሰዶ ኣይመረጸትን። ተቐዳዳማይ ኣሰቤኮ የውሃንስ ወልደሩፋኤል ምስ ቀዳመይቲ ጉጅለ ጉዕዘኦ ክቕጽል ስለ ዘይከኣለ፡ ዳኒኤልን ፍሊጶስን'ዮም ድሕሪ ናይ 33.6 ኪሎሜተር ጉዕዞ ናይ መወዳእታ ቅጽበታዊ ውድድር ኣካዪዶም። ተቐዳዳማይ ክለብ ሰምበል ፍሊጶስ ክብረኣብ ከኣ ብ2፡38፡30 ቀዲሙ መዛዘሚ መስመር ብምርጋጽ ዕዉት ናይቲ ዕለት ኮይኑ። ዳኒኤል ሃ/ ሚካኤል (ኤሪቴል) ካልኣይ ደረጃ ክሕዝ ከሎ፡ ኣቐዲሙ ካብዞም ተቐዳደምቲ ዝተረፈ የውሃንስ ወልደሩፋኤል (ኣሰቤኮ) ከኣ ንካልኣይቲ ጉጅለ ብምርታዕ ሳልሳይ ደረጃ ክሕዝ ክኢሉ። መትከል ምስጉን (ኤሪተል) ኣሮን ደብረጼን (ኣሰቤኮ) ፊልሞን መብራህቱ (ደንደን) ቶማስ ጎይትኦምን ናታን መድሄን (ኣሰቤኮ) ኖቤል ሚኪኤል (ሰምበል) ሄኖክ ምሉእብርሃን (ኣሰቤኮ) ድማ ካብ ራብዓይ ክሳብ ዓስራይ ንዘሎ ደረጃ ተማቒሎሞ።

40.6 ኪሎሜተር ዝሸፈና ተቐዳደምቲ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ፈለማ ኣትሒዘን ንተዓዘብቲ ዝመሰጠ ውድድር እየን ኣካይደን። ኣብ ፈለማ ዙርያታት ናይ ዝሓለፈ ሰንበት ዕዉትቲ ተቐዳዳሚት ክለብ ዓራግ ዳናይት ፍጹም ብሽክለታ ብምብልሻዋ፡ እቲ ውድድር ዝያዳ ረሲኒ ክህልዎ ኣኽኢልዎ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተኻየደ ቅጽበታዊ ውድድር፡ እታ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ዓቕማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ ዝመጽእ ዘሎ ተቐዳዳሚት ጋላ ነፍሒ ዳናይት ጸጋይ ብ1፡15፡33 ክትዕወት ከላ፡ ኣብ ማእከል መሰልጠኒ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ግቡእ ስልጠና ዝቐሰመት ደሴት ኪዳነ ናይ ዓራግ ድማ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ። ንዝተረፈ ደረጃ ኸኣ ብሰራት ገ/ መስቀል (ደንደን)፡ ለተሚካኤል ፍሰሃየ (ብውልቂ)፡ ድያና ዳዊት (ዓራግ)፡ ኣድያም ተስፋኣለምን ትዕግስቲ ገ/ ሂወትን (ጋላ ነፍሒ)፡ ዝናብ ፍጹም (ዓራግ)፡ ኤደን ግርማይ (ጋላነፍሒ) ን ፍዮና መብራህቱ (ደንደን) ብምኻን ሒዘንኦ ኣለዋ።

ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ውድድር መዳለዊ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2018 ምስ ሃገራዊ ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ብምውህሃድ ዝመጽእ ሰንበት 18 ሕዳር ክካየድ'ዩ። እዚ ውድድር ዘይከምቶም ዝሓለፉ ክልተ መድረኻት፡ ኣብ መስመር ባሕቲ መስከረም-ፎሮቭያ-ተረስተለ-ኪትካት ጎደና ሓርነት-ባሕቲ መስከረም'ዩ ክካየድ። ኣብዚ ውድድር እቶም ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2018 ንኤርትራ ዝውክሉ ተቐዳደምቲ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወድዮም ክሳተፉ ምዃኖም ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ሓቢሩ'ሎ።

## ማንቸስተር ዩናይትድ ናይ 40 ዓመት ዝኸፍአ ታሪኽ ሰኒዳ

ማበል 12 ግጥም ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገራን ኣብ ኤውሮጳን መትሓዚ ተሳኢኑዋ ዘሎ ማንቸስተር ሲቲ ንጎረቤት ከተማኣ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣሕፈሪታ። ኣብዚ ጸወታ፡ ሲቲ ኹና ጸወታ 12 ደቓይቕ ጥራይ ምስተላዕለ'ያ ካብ ሰልፊ ብዘርኸበቶ ሸቶ መሪሕነት ሒዛ። ክልቲኦን ጋንታታት ንዕረፍቲ በዘ ሸቶ'የን ተፈላልየን። ዩናይትድ ደሓን ምንቅስቓስ ኣርእያ ንዝተመዝገበታ ሸቶ ከተሕዊ ትጸበት ኣብ ዝነበረሉ ዝበረ ግዜ፡ ኣጉዌሮ ንተጻወትቲ ሬድ ዴቭልስ ተሰፋ ከቕርጽ ሰለስተ ደቓይቕ ጥራይ'ዩ ወሲዱሉ። ዝሓለፈ ዓመት ኣብዚ ስታድዮም፡ ዩናይትድ ናይ ክልተ ብጾ ሰዕረት መሊሳ ክትዕወት ክኢላ ብምንባራ፡ ደገፍቲ'ዛ ጋንታ ታሪኽ ክድገመሎም'የም ተማሂለሎም። ማርሻል ብፍጹም ቅላዕ መቐጻዕቲ ኑቲ ፍልልይ ምስ ኣጽበቦ ኸኣ ተሰፊኦም መሊሱ ዓረ። ይኹን'ምበር ተጻወትቲ ሲቲ 44 ግዜ ድሕሪ ምቕባበሎም ኣብ እግሪ ጉንዶጋን ዝበጽሐት ኩዕሶ ንሓላዊ ልዳት ዴቪድ ዲ ሄያ ሰጊራ ኣብ ሰኪዔት ዩናይትድ ስለ ዝተራእየት፡ ድሌትን ክውንነትን ተፈላልዩ። በዚ ኸኣ ኣጉዳሲ ናይ 3-ብ1 ዓወት ብምምዝጋብ ብ32 ነጥቢ ናይ ፕሪመር ሊግ መሪሕነታ ዓቂቡቶ። ሳልሰይቲ ሸቶ ሲቲ፡ ድሕሪ'ታ ከዋኣ ማታ ኣብ መስከረም 2015 ኣንጻር ሳውዝ ሃምተን ዘመዝገባ ሸቶ (45 ምቕብባል) ካልኣይቲ ብዝበዝሐ ምቕብባል ዝተመዝገበት ሸቶ ኮይና ክብሪ ሒዛ'ላ። ተጻወትቲ ሲቲ 44 ግዜ ንኸቕባበሉ ሓደ ደቒቕን 55 ካልኢትን ግዜ'ዩ ወሲዱሎም። እቲ ዘርግም እዚ 44 ምቕብባል ሓላዊ ልዳት ሲቲ ኤመርሰን ኩዕሶ ከይተንከፈ ማለት ኩዕሶ ንድሕሪት ከይተመለሰት ኣብ ማእከል ወይ ኣብ ክሊ ልዳት ዩናይትድ ዝተኻየደ ምዃኑ'ዩ። በዚ'ዩም ከኣ ኣብቲ ግዜ ተጻወትቲ ሬድ ዴቭልስ ንጽላሎት ተጻወትቲ ሲቲ ክሃድኑ ቀታሊት ሸቶ ዝተመዝገበቶም።

ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ሆሴ ሞሪኖ፡ ማንቸስተር ሲቲ ቅድሚ'ዚ ናይ ደርቢ ጸወታ ክልተ ምሕዝነታዊ ጸወታታት ኣብ ሜዳኣ ምኽያዳ ከም ዝሓዝዎ ድሕሪ ጸወታ ኣሰደማሚ መግለጺ ሂቡ። ሞሪኖ ኣቐዲማ ሲቲ ኣብ ግጥም ፕሪመር ሊግ ኣንጻር ሳውዝሃምተን ኣብ ግጥም ጉባኤል ክለባት ኤውሮጳ ኸኣ ኣንጻር ሻክታር ኣብ ሜዳኣ ኢትሓድ ንዘዐበረቶ ጸወታ'ዩ እታ ጋንታ ዝዘመዝገበቶ 12 ሸቶታት ኣብ ግምት ብምእታው ምሕዝነታዊ ጸወታ ክብል ዝገለጾ ዘሎ። "ዩናይትድ ዝ. ናይ ሰንበት ጸወታ ደሚርካ ንሳልሳይ ግዜኣ'ያ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ትግጥም ዘሎ። በንጻሩ ሲቲ ኣከታቲላ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሜዳኣ ትጻወት ኣሎ።" ይውሰኽ ኣብ ኣልድ ትራፎርድ ዘይማእመኦ ዘሎ ሞሪኖ። ተንተንቲ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ግን ብሓደ ድምጺ "ተረቲዕና ከይብሉ ይግባይ ይብሉ" ብምባል ንሞሪኖ ይምልሱሉ ኣለው።



ዩናይትድ ድሕሪ 1990/91 ንፈለማ ግዜ'ያ ካብ 12 ፈለምቲ ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ኣርባዕተ ስዕረት ትቐምስ ዘላ። ድሕሪ 40 ዓመት ከኣ ንፈለማ ግዜ ኹኖ ኣብ 12 ጸወታታት ናይ ሸቶ ዕዳ ትሰከም ኣላ። ዩናይትድ በዚ ብሰንበት ዘመዝገበቶ ስዕረት ብ20 ነጥብን ሓደ ጎል ዕዳን ኣብ ሻሙናይ ተርታ'ያ ተሰሪዓ ዘላ። ሓላዊ ልዳት'ዛ ጋንታ ዲ ሄያ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ወቕትታት ካብ 29 ዘይጠዝሑ ሸቶታት እናተመዝገቦ'ዩ ጸወታኡ ዝውድእ ኔሩ። ሕጂ ኹኖ ኣብ 12 ጸወታታት 20 ሸቶታት ተመዝጊብዎ'ሎ። በዚ'ዩም ከኣ ብርክት ዝበሉ ተንተንቲ ምስ ሲቲ ዘለዋ ናይ 12 ነጥቢ ፍልልይ ብምርኣይ፡ እታ ጋንታ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ ንምዕታር ካብ ዝቖደ ቅልስ ብኣግኡ ከምዝተኣልየት ኣፍም መለኦም ዝዘረቡ ዘለው።

ኣብ ካልእ ጸወታታት ፕሪመር ሊግ፡ ሊቨርፑል ኣቐዲማ ኣብ ልዕሊ ፉልሃም ብዘመዝገበቶ ዓወት ንገለ ሰዓታት መሪሕነት ፕሪመር ሊግ ክትረክብ ክኢላ ኔራ'ያ። ሳላሕን ሻኪርን ንሸቶታት ሊቨርፑል ዘመዝገቡ ተጻወትቲ'የም ኔርም። ሊቨርፑል ዋላ'ኳ መሪሕነታ ጸኒሓ ብሲቲ እንተተመንጠለት፡ ቸልሲ ኣብ ሜዳኣ ምስ ኤቨርተን ብዘይ ሸቶ ስለ ዝተፈላለየት ግን ብኽልተ ነጥቢ ጽብልል ኢላ ብ30 ነጥቢ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ክትሰራዕ ክኢላ'ላ። ካልእ ኣብዚ ዕለት ነጥቢ ዘጥፈአት ኣርሰናል'ያ። ኣርሰናል ኣብ ሜዳኣ ኤምሬትስ ንዎልቨስ ዓዲማ ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ፡ መኽተርያን ጸወታ ክዛዘም ኣርባዕተ ደቓይቕ ምስ ተረፎ ብዘመዝገቦ ሸቶ ነጥቢ ተማቒላ ክትወጽእ ተገዲዳ'ላ። በዚ ኸኣ ቡታ 27 ነጥቢ ብምውህሃል ራብዓይ ተርታ ሒዛ ዘላ ቶተንሃም ብሰለስተ ነጥቢ ድሒራ ሓሙሻይ ደረጃ ክትሕዝ ተገዲዳ'ላ።

# ምልክታ

ቤተልሄም ታደሰ - እምነት ኣማኑኤል
ሊድያ ስልጣን

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ወ/ሮ መርሃዊት ሃብተጼን ገብረን ተጸዋዒ ኣቶ ዓንደመስቀል ክንፈን ዘሎ ናይ ሞግዚትነት ክርክር፡ ተጸዋዒ ኣብዚ ሃገር ዘየለን ንጹር ኣድራሻ ዘይብሉን ስለዝኾነ፡ ተጸዋዒ ን19/11/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ይቕረብ። ምስዘይቀርብ እቲ ጉዳይ ኣብ ዘየለወሉ ክውሰን ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ቢንያም ተኸለ ብርሃነ ምባል ተሪፉ፡ ቢንያም ተኸለማርያም ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ልኡላ ሃብተማርያም፡ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ መብራህቱ ተኸለ 2.ኣለም መብራህቱ ካብ ገዛ ይልቀቐለይ ዝብል ክሲ ስለዘቕረበት፡ ተኸሳሲ ኣቶ መብራህቱ ተኸለ ተጸዊዑ፡ ን4/12/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን መሰርሕ ዳንነት ክቕጽል ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ትሕቲ ዕድመ ሩት ገ/እየሱስ ሰለሙን ብሞግዚታ ወ/ሮ ኣልማዝ ወ/ገብሪኤል ኣቢላ፡ ሩታ ገ/እየሱስ ሰለሙን ምባል ተሪፉ፡ ሩት ገ/እየሱስ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ወረ/ነፍ/ ይሕደገ ገብረስላሴን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ይሕደገ ገብረስላሴ +6 ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሻ ክርክር፡ ተኸሰስቲ ኣድራሾም ዘይተፈልጠ ስለዝኾነ፡ ተጸዊዖም ን6/12/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋብእያ ቁጽሪ 35 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ግን ኣብ ዘይተረኸብሉ መሰርሕ ዳንነት ክቕጽል ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

ተኸሳሲ ኣቶ ዮናስ ተስፋይ ጸጋይ፡ ብከሳሲት ወ/ሮ ሳራ ያቆብ ቀላቲ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪብልካ ስለ ዘሎ፡ ን13/12/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋብእያ ቁ.41 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ተራእዩ ክውሰን ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ፍራንካ ጋይታኖ ቮሪች፡ ተጸዋዒ ኣቶ ያቆብ ጸጋይ መሓሪ ኣብ ውሽጢ ሃገር የለን፡ ዘለዎ ሃገር ከኣ ብጭቡጥ ስለዘይንፈልጦ ይጸውዓልና ስለዝበላ፣ ብጉዳይ ውክልና ምስራዝ፡ ን23/11/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኣያ ቁ.35 ይቕረብ። ተጸዋዒ እንተዘይቀሪቡ ጉዳዩ ንሱ ኣብዘየለወሉ ክረኣን መሰርሕ ዳንነት ክቕጽልን ምዃኑ ቤ/ፍ የፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

ኣቶ ሃይለ ወልደጋብር ተኪኤ፡ በዓልቲ-ቤተይ ሃይማኖት ገ/ኣምላክ ገ/ኣብ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣስቴር ተድላ ሓጎስ፡ ወላድየይ ተድላ ሓጎስ ቢደልን ወላዲተይ ለተብርሃን ተወልደ ደባስን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ከሳሲ ሚልዮን ኮኾብ ቀለታ፡ ተኸሰስቲ 1.ዮሃና ኮኾብ ቀለታ 2.ሳራ ኮኾብ ቀለታ 3.ኦርቶኒዮስ ኮኾብ ቀለታ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ እሞ ንጹር ኣድራሻ ስለዘይብልኩም፣ ባዕልኹም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልኩም፡ ን26/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ግን ኣብ ዘየለኹምሉ ጉዳይኩም ክረአ ምዃኑ ነፍልጠኩም።

ወ/ሮ ኣርያም የውሃንስ ገብረስላሴ፡ ኣቦና የውሃንስ ገብረስላሴ ትኩእ ከምኡ'ውን ኣደና ማርታ ቦኸረ ካሕሳይ ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሄዋን ኤፍሬም ገብረማርያም፡ በዓል-ቤተይ መሓሪ ገብረሂወት ሳህሉ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ወ/ሮ ጸዳል ተኸለሃይማኖት፡ ወደይ ኪዳነ መዝገበ ደስታ ስለዝተሰውአ፡ ወላድ ኣይገደፈን ስለዚ ኣነ ወላዲቱ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ ኣርኣያ ወልደስላሴ፡ ወላዲትና ወ/ሮ ዘውዲ ገብሩ ክፍለ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብቶም ሓጎስ ዑቕባይ፡ ወላዲትና ወ/ሮ ኣስፋሽ ተኸለ ወልደ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይን 3 ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተማርያም ዳርጎ ወልደማርያም፡ ወደይ የማነ ሓድሽ ካሕሳይ ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋሓሙስ

ወ/ሮ ሓረጉ ፍስሃ ተኸለ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ኣፈወርቂ ወልደሚካኤል ሓደራ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ምስ ዘይቀርብ ቤ/ፍ ክውሰን ምዃኑ የፍልጥ።

ወ/ሮ ኤልሳ ስዩም ገብረህይወት፡ ኣሕዋትና 1.ወ/ት ምሕረት ስዩም ገብረህይወት 2.ወ/ት ማርታ ስዩም ገብረህይወት 3.ኣቶ ቶማስ ስዩም ገብረህይወት ስለዝሞቱ፡ ንሕና 2 ኣሕዋቶም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ምስ ዘይቀርብ ቤ/ፍ ክውሰን ምዃኑ የፍልጥ።

ወ/ሮ ሰናይት መሓሪ ምስግና፡ በዓል-ቤተይ ተለንተ ስለሙን ክፍለየሱስ ወልደሚካኤል ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ከሳሲት ወ/ሮ ጽገረዳ ኣሰፋው ገብረስላሴ ምስ ተኸሳሲ ኣቶ ፋኑኤል ገብረማርያም ኣብርሃ ናይ ሓዳር ክርክር ስለዘለና፡ ብኣድራሻኡ ክረኽቦ ስለዘይከኣልኩ ይጸወዓለይ ስለዝበላ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ፡ ን10/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኣብዘየለወሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣቶ ሓጎስ ገብረማርያም ገብረዋህድ፡ ወላድየይ ገብረማርያም ገብረዋህድ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ ፓራዲዞ ጸጸራት

ወ/ሮ ገነት ኣርዓዶም ሰመረ፡ በዓል-ቤተይ ተጋዳላይ መጀር ሃይለ ሓጎስ ካሕሳይ ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምልእተ ገብረትንሳኤ +8፡ በዓል-ቤተይ ጎይትኦም ኣብርሃ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳክርስትያን

ፍስሓጽዮን ተስፋሚካኤል ቀለታ፡ ኣቦይ ተስፋሚካኤል ቀለታ ዓንዱን ኣደይ ፋና ጊለ ዑቕባቴድሮስን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲሓወሻ

ወ/ሮ ጸገወይኒ ክብርኣብ ኣድሓና፡ በዓል-ቤተይ ኪዳነ ወልደገርግሽ ስለሙን ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሸሪዓ ከረን

ኣቶ ጀማለዲን ኣጠይብ ዓብደላ፡ ናይ ነፍ/ ዓብደላ ሰዒድ ሰናሪ፡ 4 ደቁ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ በርበረ

ወ/ሮ ሶፍያ ቀሺ ምናሴ ወልደንኪኤል፡ በዓል-ቤተይ ዓንደብርሃን መንግስቱ ዘርእዝጊ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ በረኸት ዮሴፍ ኣባካቢ ምባል ተሪፉ፡ በረኸት ሁሴን ኣባካቢ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/18 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ደቀምሓረ

ተበርህ ኣረፈ ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ተበርህ ኣረፈ ተስፋንኪኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/18 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓውሲ ከተማ ጋዴን

ወ/ሮ ሰለማዊት ወልዳይ ገብረኪዳን፡ ኣባሓጎይ ገብረኪዳን ደስታን ዓባየይ ዛፉ ተላን ስለዝሞቱ፡ ናይ ስውእ ኣቦይ ተተኪኣ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀም ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት፡ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መእለዊያ

ወ/ሮ ማኣዛ ገ/ዮውሃንስ ወ/ገርግስ፡ በዓል-ቤተይ ግደይ ገ/ሂወት ወልደኣብዝጊ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣቑርደት 01

ሑሴን ሳልሕ ኣሕመድ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ብስራት ዘካረኽዋ ገዛ ዓጽያቶ ንሓደ ዓመት ኣበይ ከምዝኸደት ስለዘይፈለጥኩ፡ ተጸዋዒት ን8/12/18 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ጉዳያ ንሳ ኣብ ዘይብሉ ቤ/ፍ ክውሰን ከምዝኽእል ንሕብር።





# ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።



ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ
ንግሆ ካብ 8፡00 - 12፡00 ቅ/ቀትሪ
ምሸት ድማ ካብ 2፡00 - 6፡00 ድ/ቀትሪ
ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፡ E-mail፦bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ብስራት ካብ ታርኮ ኣቪየሽን




ካብ ኣስመራ ኣብ ሰሙን ስለስተ ግዜ ቀጥታዊ በረራ ናብ፡
- ካርቱም - ጁባ (ደቡብ ሱዳን) - ኢንተበ (ኡጋንዳ)

ብምጡንን ርትዓውን ዋጋ + ስሉጥ ኣገልግሎት + እኹል ሚዛን

ንመኸዲ ይኹን መምለሲ ንነፍሲ ወከፍ ገያሻይ 2 ሳንጣ ነናይ 23 ኪሎ ግራም ማለት 46 ኪ.ግ፡ ናይ ኢድ ሳንጣ ድማ 8 ኪ.ግ (ጠቕላላ ሚዛን 54 ኪ.ግ)

*ብተወሳኺ ካብ ወርሒ ሕዳር 2018 ናብዞም ዝስዕቡ ከተማታት በረራታት ጀሚርና ኣለና፡*

ካይሮ - ጅዳ - ሪያድ - መዲና - ደማም - ኢንጃሜና (ጫድ)
ኩዌት - ዓማን (ዮርዳኖስ) - ዓደን (የመን) - ካኖ (ናይጀሪያ)

**ንዝያዳ ሓበሬታ**

+291-125555 /120259/ 202840
info@explore-eritrea.com/
explore@tse.com.er
ጎደና ዓዲ ሓወሻ ቁ. ገዛ 11
ጥቃ ቤተ መንግስቲ፡ ፊት ፎቶ ዙላ
www.explore-eritrea.com

Explore Eritrea ኤክስፕሎር ኤርትራ
Travel & Tours
ወኪል GSA TARCO AVIATION

# ምስጋና



ብሞት ኣዚና እነፍቅራ ክብርቲ ጓልና ሰላም ተስፋይ ሃይለ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ እናተመላለስኩም፡ ዝበጻሕኩማን ሞራላዊ ሓገዝ ዘወፈኹምላን ድሕሪ ዕረፍታ ውን ሬሳ ኣብ ምስዳድ ዝተሓባበርኩምና፡ ሬሳ ተቐቢልኩም ክሳብ ተማጅላ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም ኣብ ኤርትራን ጀርመን ከተማ gottingen ዝርከብ ማሕበር Elterchaus ከምኡ'ውን Kinderkrebs helife ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ። ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንሕብር።

ኣቡኣ ተስፋይ ሃይለ፡ ኣደኣ ለተሚካኤል በራኺ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብዕረፍቲ ክብርቲ ሓፍትና፡ ጓልናን ዓይኖም ወልደገርግሽ ኣለማዮ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ንተቐማጦ ኮቨንትሪ ሲቲ ሬሳ ኣብ ምልኣኽን ክሳብ ዳዕሮ ኩንዓት ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም የቐንየልና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓል-ቤታ በየነ ተኸስተን
ኣደኣ ኣጸጸ ተወልደን ምሉኣት ስድራቤትን




ብምኽንያት ሞት ወላዲትና ወ/ሮ ሉል ገብረየሱስ ሰለሙን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዝበጻሕኩማ፡ ድሕሪ ዕረፍታ ድማ ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ብኣካል ኣብ ገዛና ብምምጻእ ይኹን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና፡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ምሉኣት ስድራቤት ነፍ/ኣቶ ኣብርሃ ገብረስላሴ



ብሞት ብልቢ እነፍቅሮ ሓውና በረኸት ወልደኣብዝጊ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ሆስፒታል ብምኻድ ዝበጻሕኩሞ፡ ድሕሪ ዕረፍቱ ሬስኡ ንምስዳድ ልዑል ጻዕሪ ዝገበርኩም፡ ነበርቲ ከተማ ዙሪክን ከባቢኡን ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ብልቢ ነመስግን።

ስድራቤት ነፍ/ወልደኣብዝጊ መኮነን



ክቡር በዓል-ቤተይ ኣቶ ሃይለ ባህታ ደረስ ምስ ሓመመ ኣብ ኖርወይ ናብ ሆስፒታል እናተመላለስኩም ንዝበጻሕኩሞ፡ ምስ ዓረፈ ሬሳ ኣብ ምፍናውን ብካልእ መንገድን ንዝተሓባበርኩምና፡ ናብ ዓዲ ብምኻድ ንዘቃበርኩምናን ናብ ገዛና ብምምልላስ ንዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና፡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንሕብር።

በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ኣበባ ተኽሉ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን



ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣደና ሓርበኛ ወ/ሮ ለተብርሃን ሸፍታ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራቤት




ብምኽንያት ሞት ኣዚና እነፍቅሮ ሓውና ሚኪኤል ሃብተማርያም ደባስ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ እዋን ሕማሙ ዝኣለኹሞን ዝበጻሕኩሞን ድሕሪ ዕረፍቱ ኣብ ሎስኣንጀሎስ ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካል ዝተመላለስኩምን ቴለፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ዕዙዝ ምስጋናና ነቕርብ።

ወለዱ ነፍ/ ሃብተማርያም ደባስን ነፍ/ ምላሹ ወልዳይ
በዓልቲ-ቤቱ ብስራት ዘካርያስ፡ ጓሉ ደልያ ሚኪኤል
ኣሕዋቱ ጽጌርማን፡ ኣድያም፡ ሚርያም፡ ሄለን
ሰውእ እስክንደር
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብዕረፍቲ ናይ ዕድመ በዓልቲ ጸጋ ክብርቲ ኣደና ኣብርሀት ምስግና ካሕሳይ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማን ድሕሪ ዕረፍታ ዝተመላለስኩምን ዘቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት



ብሞት ኣዝየ ዘፍቅሮ በዓል-ቤተይ ኣቶ ኣሰፋው ተኽሉ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ሆስፒታል ዝተመላለስኩምን ምስ ዓረፈ ክሳብ ዓዲ ባሕሮ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብዝተፈላለየ መራኸቢታት ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም የቐንየልና፡ እናበልናሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ-ቤቱ ወ/ሮ ርብቃ ገብሩ
ምስ ኩሎም ደቅና



ብዕረፍቲ ክብርቲ በዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ኣዳነሽ ኣርኣያ ቀላቲ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ሕማማ ኣትሒዝኩም ኣብ ገዛ ዝተመላለስኩም፡ ኣብ እንዳደቀ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና፡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ-ቤተን ኣቶ ተኽለ ቀሺ ገብረጊዮርጊስ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብዕረፍቲ ክብርቲ በዓልቲ-ቤተይ ነፍስሄር ወ/ሮ ወይኒ ዳዊት ማና ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ጻዕዳክርስትያን ዘቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን፡ ገዛ ብምምልላስን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓል-ቤታ ኪዳነ ተኸስተ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



ብዕረፍቲ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ኢትዮጵያ በራኺ ኣብ እዋን ሕማማ ዝበጻሕኩም፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ኣብ ዓዲ ሞንጎቲ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ከምኡ'ውን ተቐማጦ ሚላኖ ኣብ ማሕበረሰብ ሓዘንን ፍትሓትን ዝገበርኩምልና፡ ካብ ወጻኢ ሃገር ብስልኪ ዘጸናናዕኩምናን ኣዝማድ፡ ፈተውቲ፡ ብጾት፡ ኣዕሩኽ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ደቃን ኣሕዋታን
ምስ ምሉኣ ስድራቤት



ብምኽንያት ሞት ወድናን ሓውናን ሃብቶም ተስፋማርያም ወልደየውሃንስ (ወዲ ባሊላ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ መካነ መቓብር በኣለእዝግሄር (እንዳ-ማርያም) ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ብኣካል ኣብ ገዛና ብምምጻእ ይኹን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ወላዲቱ ወ/ሮ ኪሮስ በርሀ
ምሉኣት ስድራቤት
ነፍ/ተስፋማርያም ወልደየውሃንስ (ባሊላ)

ብርሃነ ምሕረትኣብ

# ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓማስ ብፍሉያት ሓይልታት እስራኤል ተቐቲሉ



በርጌስ ተመሲሉም ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዝኣተዉ ኣባላት ኮማንዶ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሓማስ መጥቃዕቲ ብምኽፋት ንሓደ ላዕለዋይ ኣዛዚ ናይቲ ጉጅለ ከምዝቐተሉ በቢሲ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ እቶም ፍሉያት ሓይልታት፡ ኑር ባራከህ ዝተባህለ ላዕለዋይ ኣዛዚ ብርጌድ ዕዙዲን ኣል-ቃስም ንዘርከቦም ሸውዓተ ዕጡቓት ሓማስ ቀቲሎም። ኣብቲ ካብ ከተማ ክሃን የኑስ ንምብራቕ ዝተፈጸመ ናይ ድብያ መጥቃዕቲ ብተወሳኺ ሓደ ወተሃደር እስራኤል ከምዝተቐትለን ሓደ ካልእ ብፈኲስ ከምዝቘሰለን ሰራዊት እስራኤል ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ኣፍሊጡ። ኣብቲ ምስጢራዊ ስርሒት ዝተሳተፉ ካልኦት ኣባላት ግን ብሰላም ናብ ሃገሮም ከምዝተመልሱ'ዩ እቲ መግለጺ ዘጽርሮ።

እቶም ኣባላት ኮማንዶ ኑቲ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፈጸሙሉ ህሞት፡ ቦምባታት ነፈርቲን ከቢድ ብረትን እስራኤል እውን ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ከምዝዘዘበ ክሕበር እንከሎ፡ ሓማስ ብወገኑ ከም መልሰ-ግብሪ፡ ናብ እስራኤል ሮኬታት ከምዝተተኩሰን እንተኾነ ብናይ ክልቲኡ ደብዳብ ዝወረደ ጉድኣት ከምዘየለን ተገሊጹ።

ሰራዊት እስራኤል ድሒሩ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እቲ ስርሒት ኮማንዶ ኑቶም ዕጡቓት ንምቕታል ዘይኮነስ ንምጭዋዮም ዝዓለመ ከምዝነበረን ብዙ ዝተወጠኖ ግን ከምዘይተሰላሰለን ኣረዲኡ።

ድሕር'ቲ መጥቃዕቲ ኣብቲ ንእስራኤልን ወሸመጥ ቓዛን ዘዳውብ ከባቢታት ልዑል ወጥሪ ሰፊኑ ምህላዉ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ይሕብሩ።

# ኣብ ታሪኽና ዝኸፍአ ለበዳ ኢቦላ ኣጋጢሙና ኣሎ”

## ሚኒስተር ጥዕና ዲ.ሪ.ኮንጎ



“ኣብ ዝሓለፈ ኑሓሰ ጀሚሩ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ዝላባዕ ዘሎ ሕማም ኢቦላ ኣብ ታሪኽ'ታ ሃገር እቲ ዝኸፍአ ለበዳ ምዃኑ ይግለጽ ኣሎ።

“ናይ ሎሚ ለበዳ ኣብ ታሪኽ ሃገርና ዝኸፍአ'ዩ” ዝበለ ሚኒስተር ጥዕና'ታ ሃገር፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ወርሒ ጥራይ ብሕማም ኢቦላ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቊጽሪ ልዕሊ 200 በጺሑ ምህላዉ ኣፍሊጡ። ቡቲ ሕማም ዝተለኽፉ ካልኦት 300 ድማ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ክትትል ሕክምና ከምዝርከቡ እቲ ሚኒስትር ኣረዲኡ።

ኑቲ ተኸሲቱ ዘሎ ሓያል ለበዳ ንምምካት ሰብ ሞያ ሕክምና'ታ ሃገር ሰፊሕ መደባት ክታበት ጀሚሮም ከምዝለዉን ዛጊት'ውን ኣሰታት 25 ሽሕ ሰባት ከምእተኸትቡን ይገልጹ።

ብሰንኪ ቀጻሊ ሓድሕዳዊ ግጭት ርግኣት ስኢና ዘላ ኮንጎ - ኪንሻሳ፡ ጸረ-ለበዳ ኢቦላ ኣብ እተካይዶ ጻዕሪ ብድሆ ይገጥማ ከምዘሎ'ዩ ዝግለጽ። ዝሓለፈ ቅንያት ለበዳ ኢቦላ ንምግታእ ዘኽእል ክታበት ንኽህቡ ናብ ገጠራት ዝገዓዙ ዝነበሩ ክኢላታት ሕክምና ብመንነቶም ዘይተፈልጡ ዕጡቓት ከምእተጠቕዑ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ሓቢሮም። ዝሰፍሐ ከባቢታት'ታ ሃገር ብግጭት ይሕመስ ብምህላዉ ለበዳ ኢቦላ ንምግታእ ኣጸጋሚ ከምዝገብሮ ክኢላታት ይገልጹ።

ጸብጻብ ሚኒስትሪ ጥዕና'ታ ሃገር ከምዝሕብሮ፡ ኣብቶም ግዳያት ኢቦላ ዝኾኑ ሰባት ፍርቆም ነበርቲ ናይታ ኣብ ሰሜናዊ ዞባ ኪቮ ትርከብ ከተማ በኒ እዮም። እቲ ከባቢ ቀጻሊ ግጭት ዝረኣየሉ ብምዃኑ፡ ኣንጻር'ቲ ሕማም ንዝካየድ ንጥፈታት ሰብ ሞያ ጥዕና ኣጸጋሚ ገይሩዎ ምህላዉ'ዩ ዝግለጽ።

ኣብ ዲ.ሪ.ኮንጎ ብ1976 ምልክታት ሕማም ኢቦላ ዘለዎ ዘይተነጸረ ተላባዒ ሕማም ተኸሲቱ ከምዝነበረን፡ ብዝተወሰደ ህጹጽ ናይ ውሸባን ካልእ ሕክምናዊ ስጉምትን ግን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ከምዝኣተወ ጸብጻባት ጥዕና'ታ ሃገር የረድኡ።

ብመሰረት ሰነዳት ሕክምና፡ ኢቦላ፡ ረስኒ፡ ውጽኣት፡ ተምላስ፡ ከምኡ'ውን ውሽጣውን ግዳማውን መድመይቲ ዝኣመሰሉ ምልክታት የርኢ።

# ወተሃደራዊት ነፋሪት ኣመሪካ ወዲቓ



ሓንቲ ወተሃደራዊት ነፋሪት ኣመሪካ ኣብ ገማግም ባሕሪ ፊሊፒንስ ወዲቓ።

እታ ኤፍ ኤ 18 ዝተሰምየት ወተሃደራዊት ነፋሪት ካብቲ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣመሪካ ዝርከቦ ደሴት ኦኪናዋ ብዙሕ ኣብ ዘይርሕቕ ማያዊ ክፋል ከምዝወደቐትን ክልተ ኣብረርታ ግን ብዘይ ጉድኣት ከምዝደሓኑን ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ።

እቶም ኣብረርቲ ብሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ብዝተገበረሎም ህጹጽ ሓገዝ ከምዝደሓኑን ናብ መርከብ ውግእ ኣመሪካ ሮናልድ ሬገን ተወሲዶም ኩነታት ጥዕናኦም ይምርመር ከምዘሎን ተገሊጹ።

ጠንቂ ምውዳቕ ናይታ ነፋሪት መካኒካዊ ጸገም ከምዝኾነ ዝጠቅስ መግለጺ ሰራዊት ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ጥቅምቲ'ውን ሓንቲ ኤም ኤች 60 ዝዓይነታ ወተሃደራዊት ሄሊኮፕተር ኣመሪካ ካብ መርከብ ውግእ ሮናልድ ሬገን እናተበገሰት ብምውዳቓ 12 ሰባት ከምዝቘሰሉ ኣዘኪሩ።


ኣብ ፓስፊክ ኤሽያ ተዋፊሩ ዘሎ 7ይ እዚ ሰራዊት ኣመሪካ፡ 140 ነፈርቲ ውግእ፡ 50 መራኽብን ሳብ ማሪንን 20 ሽሕ ሰራዊትን ዝጠቓለለ ሓይሊ እዩ። ኣብቲ ንቻይናን ጎረባብታን ዘሰሓሕብ ማያዊ ክፍሊ ብቐጻሊ ከምዝንቀሳቐስ ድማ ይግለጽ።

# ተወሳኺ

ሰባት ከልቢ ነኺሱዎም ሞይቶም ክበሃሉ ንሰምዕ ኢና። ሓደ ብሪጣንያዊ ግን ድሙ ነኺሳቶ'ዩ ሞይቱ። በቢሲ ኣብ ዝዘርገሖ ዜና፡ እቲ ብሪጣንያዊ ኣብ ሞሮኮ'ዩ ብድሙ ተነኺሱ። ጽኑረት ናብ ሞሮኮ ብዘኸደ ኣብ ከመይ ኣጋጣሚ እታ ሰራም ድሙ ነኺሳቶ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣይተዋህበን። ኣብ ሬሳኡ ብዝተኻየደ መርመራ ግን ጠንቂ ሞቱ ካብታ ድሙ ዝሓለፈ ቫይረስ ‘ራብስ’ ምዃኑ ተረጋጊጹ። ምስኡ ቅርበት ንዝነበሮም ሰባት ድማ ክታበት ተዋሂቡዎም ኣሎ - ብመሰረት ሓበሬታ በቢሲ።

ቫይረስ ራብስ ካብ እንስሳታት ናብ ሰብ ብምንካስ፡ ምሕንፋጥን ልዛይን ክሓልፍ ዝኽእል ኮይኑ፡ ክሳብ ሞት ዘብጽሕ ሰንፈም ቫይረስ ምዃኑ'ዩም ክኢላታት ዝጠቕሱ። እቲ ቫይረስ ኣብ ብሪጣንያ ከምዘጸኑተ ዝጠቕሱ ብሪጣንያውያን ተመራመርቲ ብወገኖም፡ ኣብ ኣፍሪቃን ኤሽያን ኣብ ዝርከቡ ገለ እንስሳታት ቤትን ግዳምን ግና በዚ ቫይረስ ዝተለኽፉ ምዃኖም ይጠቕሱ።

ብፍላይ ደማሙ፡ እቲ ቫይረስ ንዘለወን መንከዕ ምስ ዝምንቦ እቲ ሕማም ከምዝሓልፈንን ብወገን ናብ ሰባት ከመሓላልፍኦ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ከምዝኾነን እዩም እቶም ተመራመርቲ ዘረድኡ። በዚ ድማ ናብ ኤሽያን ኣፍሪቃን ዝኸዱ ብሪጣናውያን ካብ መንከስቲ ደማሙን ኣኽላባትን ክጥንቀቑ ይመኽሩ።



*****

# ጽሬት ኣደ ጥዕና!

ኣዝዩም ቀሊልቲ ነገራት ብምግባር ጥራይ፡ ብመሰረቱ ካብ ምጥቃም መደሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ክንርሕቕ ይኽእል እዩ። ቀጻሊ ኣእዳውካ ብግቡእ ብምሕጻብ፡ መግቢኻ ብጽሬት ብምድላው፡ ክትህንጥስ ወይ'ውን ክትስዕል ከለኻ ኣፍካ ብመንዲል ምሽፋን ወዘተ. . . ገለ ካብቶም ከዘውትርዎም ዝግብኡና ንጥፈታት እዮም። ብተወሳኺ፡ ውሑስ ጾታዊ ርክብ ብምዝውታርን ክታበት ኣብ ግቡእ ግዜኡ ብምውሳድን ንዝኣርእሽኻን ኣባላት ስድራኻን ካብ ሕማም ምክልኻል ይከኣል'ዩ።

ኣብ እንስሳታት፡ ብሰንኪ ጽሬት ስኡነቶም መመገብኦምን መደቀሲኦምን ዘይምሕላው፡ ብዙሓት ጥዕናዊ ጸገማት ክኽስቱ ምርኣይ ልሙድ'ዩ። ብሰንኩ ድማ ሓረስቶት ንምፍዋስ ጥራዮም ኣብ ከቢድ ሃልኪን ክሳራን ይኣትዉ። ስለዚ፡ እንስሳታትካን ከብቲኣንን ብጽሬት ብምሓዝ ጥራይ ካብ ብዙሕ ሕማማት ክትከላኸል ትኽእል ኢኻ።

መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ብግቡእ ንጠቐመሎም!
ሓባራዊ መልእኽቲ ሚኒስትሪታት ጥዕናን ሕርሻን
ኣህጉራዊ ቅነ ጸረ-ባክተርያ (12-18 ሕዳር 2018)


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት ማሸጣ መድሃኒት ዓሰብ | 13/11/2018 | ጎደና ኣፍዓበት፡ ቁ.105፡ ከባቢ ካልኣይ መደበር ፖሊስ (ካርሸሊ) | 123105 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services